# መድረኽ

ሕታም 27
Editor Tesfaldet Bahlibi 2/12/2017

## ኤርትራ ንቕድሚት
## ዘርከበ የርክብ፡ ዝተረፈ ይስዓብ

**ትሕዝቶ ዛዕባታት**



| ፍቕዲ | ዛዕባ | ገጽ |
|---|---|---|
| 1 | መቕድም | 1 |
| 2 | ሕውስዋስ ጥምሮ ዛዕባታት | 1 |
| 3 | ናይ ሎሚ ቅነ ምስ ፐረሲደንት ኢሳያስ | 3 |
| 4 | 7 - Alert | 3 |
| 5 | ዲሞክራስያ | 7 |
| 6 | ከመይነት ቀሳቢ ዲሞክራሲ - Totalitarian Democracy | 8 |
| 7 | ግርማ ላመይ | 8 |
| 8 | ናብ ናይ ፐረሲደንት ኢሳያስ ዝበሎ ከመልሰኩም። | 13 |
| 9 | ሎምስ ኣብዚሕካዮ | 13 |
| 10 | ጅኦ ፖለቲካ | 14 |
| 11 | ዘበታዊ ጠራዕራዕ - Local Input | 15 |
| 12 | ድምደማ | 18 |



## መቕድም

ትሕዝቶ ናይ እዘን፡ ዝተ ፈላለየ ሓተታታት እዚ ኣተን፡ ኣብ ሓንቲ ጥራዝ ወረቐት ተጠርኒፈን፡ ይቐርባ ይሃልዋ ደኣ እምበር፡ ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት፡ ዘጠ ራቐም ከወን እየን። ኮፍ ኢለየን፡ ድሕሪ ምጽንሔይ ከኣ፡ እርግ ዝበሉ ኣሃዛት ጸብጻብ፡ እኳ እንተለወን፡ ኣብ ገለገለ ኣገድስቲ እዋናዊ ዝኾኑ ነገራት፡ ሓዋዊሰለን ስለ ዘሎኹ ግን፡ ተስፉ'ገብር፡ ኣድከምቲ ከይ ኮና።

ኣንዊሑዎ ከይ ብሃለኒ፡ እንዳ ተሰከፍኩ ደኣ እየ እምበር፡ ንእሽቱለይ ተወሳኺት ሞቑሹሽ ቁምነገር ግን፡ ኣምውጉው ኣቢለ፡ ናይ ንእስነተይ ጉስነት፡ ምስ ሓንቲ ኣርእስቲ - ዲስፕሊን እትበሃል ዛዕባ፡ ኣዛሚደ ሰቒቖያ ኣሎኹ። እቶም ደቂ ሹቕ ዘበልኩም ድማኒ፡ ኣበይ ዝነበረ ጥረ ጓሳ'ዩ፡ ከይ ትብሉኒ እውን፡ እንዳተሰከፍኩ እየ። ግን ከኣ፡ ወናም ኣቦ ዜማ ሃገር እንጂነር ኣስገዶም፡ ንንእስነቱ ኣመልኪቱ፡ ኩቦ ዝኣርየሉ ኣብ ዝነበረ እዋን ዘኪሩ "ኣታ እዚ ንእስነት ዘይሕከኽ ደብተር፡ ሎሚ ከም ትማሊ ኣብ ቅድመይ ዝግተር" ከም ዝበሎ መጠን፡ ንኣተ ዓባብዓይ ኣዘኻኪሩኒ።

*ኣቦ ዜማ ሃገር ኢንጅነረ ኣስገዶም፡ ኣብ ዓጸጽምትኻ ኣትዩ ዘንቀጥቅጥተካ ዘማታቱ ሓያሎይ እዮም። ንመማህርቱ ተመሃሮ ሳንጀርጀ መንደፈራ ዘኪሩ የስተንትን፤ ንሓምራ ላሙ ዘኪሩ ይደርፈላ፤ ብቐሔ ጽልሚ ዝተሰርሔር ሞሶብ ስድርኡ ዘኪሩ ይናፍቕ። ኩሉ ደርፍታቱ ምስ ናተይ ስለ ዘዛምዶ፡ እዛ ትስዕብ ደርፉ ድማኒ፡ ንኤርትራ ኣመልኪቱ፡ ይናፍቕ ከም ዘሎ መሲሉ፡ ዝደረፉ ከም ኮይኑ ተሰምዑኒ፡፡ ጉዕዞ ሂወት ናይ ሓደ ሰብ፡ እንታይ ዘጠቓለለ ከም ዝመስል፡ እትቅስቕስ ዜማ ብኽብረትኩም ክትጋበዝዋ እነሀለትልኩም -*

## <u>*ንበይነይ ኮይነ*</u>

[*https://www.youtube.com/watch?v=O2VJgHAx ck*](https://www.youtube.com/watch?v=O2VJgHAx ck)




## <u>*ሕውስዋስ ጥምሮ ዛዕባታት*</u>

*እቲ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ፡ ዝካየድ ዘሎ ሓፈሻዊ፡ ዞባዊ ፖለቲካዊ ትርምስ - reginal turmoil፤ ብልክዕ ድማ ካብ ናይ ወሽመጣውያን ሃገራት - Gulf States - ዘይ ተጸቤናዮ ቡምታ ጽልዋታት፡ ምስ ተደመሮ፤ ብቐንዱ ድማኒ፡ ናይ ፈደራዊት ኣቡዱባይ፡ ዕንትርና ወይ ጎብለልትነት፡ ከም ንእሽቶ ሲፓርታን ኮይና፡ ትጻወቶ ዘላ ግደ፤ ኩሉ ብሓንሳብ ተደማሚሩ፡ ጽልዋታቱ ናብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ተሳጊሩ፡ ዘካውሶ ዘሎ ፖለቲካውን፤ ዲፕሎማሳውን፤ ወተሃደራውን፤ ቁጠባውን ክስተታት፡ ሓዲሽ ተሃዋሲ መቐይሮ ፈጢሩ ኣሎ፡ - it's a grave and or incredible paradigm shift.*

*እተን ኣብዚ ዓንኬል እዚ፡ ዝጻወታ ዘለዋ ሃገራት፡ ከም ተቐራረብትን ተረሓሓቕርን ኤለክትሮንስ መሲለን፡ ሓንቲ ምስታ ካልእ ክመጻጸያ ዝገብርኦ ዘለዋ ስሕበታት -gravitational-: ዕምቆቱን ስፍሓቱን ብተዛማድነት -relativity- እንክርኤ ከሎ፡ ኩነታት <u>ዝተፍኣ ሓቂ</u> ስለ ዝኾነ፡ <u>ቅንዕነቱ ግን ተዛማዲ</u> እኳ እንተ ኾነ፡ ክትወሃሃዶ ምብቃዕ እንተ ዘይ ኮይኑ፡ ካልእ ኣማራጺ ዕድል የለን። ሓደገይና ሳዕቤናት ከምጽእ ከም ዝኽእል ዕድል እኳ እንተ ሃለወ፡ ንሃገርና ዝምልከት ግን፡ ጥቕሙን ጉድኣቱን ብምምዝዛን ንዝውሰድ ስጉምቲ <u>ቅኑዕ</u> ይኸስን፡፡*

*ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ማዕበል እዚ፡ መንግስቲ ኤርትራ ዝምጠጦ ዘሎ ከይዲ፡ ብተዛማድነት እንክምዘን ከሎ፡ ኣድላይነቱ ዑዙዝ ይኸውን። ብፍኹስ ዝበለ ዘረባ፡ ጸወታ ጦላዕ፡ ብዴሺ ካርታ ናይ ራሚኖ ከም ማለት እዩ። መን ይኸስር ወይ ይኸስብ - እዝግሄር'ፈልጥ። እታ ካርታ ጀኮር ምስ መን ከምዘላ ስለ ዘይ ፍለጥ ግን፡ እስተረና ደኣ እምበር፡ ሓደገኛ ጸወታ እዩ።*

*እሞ ከኣ፡ ነዚ ኣብ USA ተኸሲቱ ዘሎ፡ ዘይ ልሙድን ሓዲሽ ትራምፐታዊ ሙዚቃ ምስ ተሰምዔ፡ ንናይ ብዙሓት ዓለማት ኣዒንታት ሰምሰም፡ የብል እኳ እንተ ሃለወ፡ እቲ ክውንነት ግን፡ ካልእ ዘይ ኮነስ፡ USA ካበይ- ኣበይ- ናበይ ከም ዘላ፡ ዝሕብር ክስተት እዩ። USA፡ ተንጸርጽር ከም ዘላ ኮይኑ እዩ ዘስምዕ ዘሎ - America #1 ። ከምቶም ዝሓለፉ ጎበልል ኢምፐራላት፡ ናይ USA ኢምፐራል ድማኒ፡ ኣብ መወዳእትኡ በጺሑ ከይህሉ የስግእ'ዩ። ዝሓሸ ይኹን ወይ ዝኸፍኣ፡ መን ኮን ይኸውን ኣብ መስርዕ ዝርከብ ዘሎ ጎብለል? ቻይና - China?*

*ዘይ ከም ናይ Rusia ዝሑል ኩናት ግጥም ምስ USA፤ ናይ ቻይና ስትራተጂ ግን፡ ሰላምታዊ ሰላሕታ፡ መሲሉ ክመጽእ ምስ ጸንሔ፡ ንUSA ኣብ ዕዳን ዕንዲዳን ዘቢጣታ ኣላ ጥራይ ዘኮኮነስ፤ ኣብ ፈቐዶ ዝምዕብላ ዘለዋ ሃገራት ዓለም፡ ከም ኣብ ናይ ኣፍሪቃ ዝኣመሰላ፤ ንብዙሕ ኣጻብዕ ቁጠባታት ዘማዕበል ወፍሪ፡ <u>ዓምራሪ</u>, dominant, ግደ፡ ተካይድ ከም ዘላ ንዕዘብ ኣሎና።*

*The Philadelphia Trumpet August 2016 ሕታሙ፡ China's Hundred Year Strategy by Andrew Miller ዝበለ ርእሰ ዓንቀጽ ፡ ከምዚ ዝኣመሰሉ ትዕዝብታት ይንበቡ፡-*

1. *Americans think in four-year election cycles. Chinese leaders think in terms of centures.*
2. *... per Chinese President Xi Jinping utopian vision for the Chinese people, China is an econocic, cultural and military superpower, while the United States is no longer a major geopolitical power.*
3. *In a book actually titled The Chinese Dream, Peoples's Liberation Army (PLA) Col. Liu Mingfu outlines a stragegy for China to surpass and replace the United States as the world's super premier power.*

*ካብ ገለ ገለ ተነቢዩቲ፡ ክንበብ ዝጸንሐ ኣፋፍኖት ከኣ፡ እዛ USA ክትሕምሳ ዝጸንሔት ዓለም፡ እንተላይ ንዓኣ ዘየናስሕሲ፡ ምጽኣታት-"apocalypse, which is, an event involving destruction or damage on an awesome or catastrophic scale" ይሽትት ከም ዘሎ እዩ። ዓለም ከመይ ትመስል ከም ዘላ ንምሕባር፡ እቶም ድሮ ዝተፈጸሙ መሰከሕ፡ ከምዚኦም ዝኣመሱ ሓቂታት ይርከብዎም።*

| መዓስ | ኣበይ | እንታይ | ብኸመይ | ጉድኣት ሰብ |
|---|---|---|---|---|
| 9/11/2001 | *New York* | *መቕዘፍቲ ህዝቢ* | *ኢስላማዊ ሽበራ* | 3000 |
| 9/11/2012 | *Cairo* | *ኢምባሲ USA ተወረ፤ ባንዴራ ነደድት* | *ብህዝቢ ግብጺ* | *ጸላም ባንደራ ሽበራ ተተኸለት* |
| 9/11/2012 | *Bengazi* | *ኢምባሲ USA ተወረ፤* | *ሽበራ* | 4 *እንኮላይ እቲ ኣምባሳደር* |
| 4/15/2013 | *Boston, MA,* | *መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ማራቶን ቦስቶን* | *Two bomber brothers* | 3 |
| 7/20/2015 | *Chattanooga, TN* | *ሓደጋ ኣብ ልዕሊ ሓይሊ ባሕሪ USA* | *Islamist* | 4 |
| 12/2/2015 | *San Bernardino, CA* | *ሓደጋ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ* | *Islamists* | *ምውታት*14 *ቁሱላት* 22 |
| 6/13/2016 | *Orlando, Fl* | *ሓደጋ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ* | *Terorist* | 49 |

*እቲ ኣብ ካልእ ክፍሊ ዓለማት፡ ዝተገብረ ወሳሲኸካ ክርኤ እንከሎ ድማኒ፡ ዓለምና ኣብ ዝገደደ፡ ዘመነ ውርውራ ከም ዘላ እዩ። "ኣብ ዘመነ ውርውራ፡ ነብስኻ ኣይ ተዕብራ፡" ከም ዝተባህለ መጠን፡ ኤርትራ ድማኒ፡ ከም ዓለማ - ንስለ ድሕነታን ጸጥታኣን የዋጽኣኒ'ዩ ንእትብሎ ምርጫ፡ ሜላዊ ይኹን ዲፕሎማስያዊ፤ ፖለቲካዊ ይኹን ቁጠባዊ . . . ፡ ካብ ዋሽንግቶን ይኹን፡ ካብ ኣዲስ ኣበበን፡ እንተላይ ካብ ተቓወምቲ ኤርትራን፡ ዝግበረላ ጠለባት ኣይ ቁቡልን እዩ። ብሃለፍለፍ፡ ኤርትራና ክይ ትሰናኸል ንጠንቀቕ።*

*መንግስቲ ኤርትራ፡ ካብ ዝጅምር ክሳብ ሕጂ፡ ኣብ ዕሽልነቱ ኮይኑ፡ ክሓልፎ ንዝጸንሔ ናይ <u>ተመክሮ ልምምድ፡</u> ብዙሕ ሓላፍ ዘላፍ፤ ብዙሕ ከምዝን ከምትን፤ ብዙሕ ናይ ሃሰስን ጠምበርበርን ዘለዎ ከይዲ ስለ ዝኾነ፡ ብፍጽሙነት ብቕዓት -perfection- ክሕተት ኣይ ግባእን። ነቲ ኩሉ ዝፈጸሞን፡ ሕጂ ዘካይዶ ዘሎ ስረሓትን፡ ዘረፍ ብዘረፍ ፈላሊና፡ ኣብ መዝጋቢ ሰሌዳ -score board- ብኣሃዝ እንተ ነስፍሮ ከኣ፡ እቲ እወንታውነቱ ካብ ኣሉታውነቱ ብተዓጻጻፍነት፡ ክበልጽ ከም ዝኽእል ናተይ ዕግበት እዩ። ከምዚ ክብል እንከሎኹ፡ ኣበሃህላይ - ጽማቕ ትዕዝብተይ ደኣ እምበር፡ ኣብ ዝርዝራቱ እንተ ዝኣቱ ነይረ፡ ክይ ተሃከዩ ከነብዎ ዝኽእሉ ጉዱሳት፡ ብዙሓት ከም ዘይኮኑ፡ ስለ ዝግምት፡ ክሕምብሰሉ ኣይ መረጽኩን። ግን ከኣ . . .*

*ግደ ናይ ሓደ ህዝቢ፡ ወናኒ ናይ ሃገሩ ደኣ እምበር፤ ናይ ሓንቲ ማላዊት ኮርፖራስዮን ሰራሕተኛ፡ ከም ዘይ ኮነ ኣብ ርእሲ ምሕባረይ፡ ሓደ መራሒ ሃገር ከኣ፡ ከም ሓደ <u>ኣስፈጻሚ ኀይታ ፍሻለ,</u> CEO, ናይ ሓንቲ ኮርፖራስዮን ገይሮም ንዘመሳስልዎ -ምናልባሽ ኣብ ገለ ገለ፡ ተክኒካዊ ጉዳያት ዘይ ከውን ኣይ ኮነን። ግን፡ ኣብቲ ገጂፍ ስፍሓት፡ ናይ እቲ ዕማም ምስ እነዋዳድሮ፡ ሓደ CEO ናይ ሓንቲ ኮርፖራስዮን፡ ከም ሓደ ጽንጽያ እዩ - ምስ መራሒ ሃገር እንክወዳደር። ከላእ ትፍርሓዮ፡ እና ፈራሕኩ ደኣ እየ እምበር፡ ናብቲ ሓናቕ ክሳድ ብሩለ፡ ከዛምዶ ስለ ዝደሌኹ እየ፡፡ ከምኡ ማለተይ ከኣ፡ ንፕረሲደንት ኢሳያስ ኣፍወርቂ ዝምልከት እዩ፡፡*

## <u>ናይ ሎሚ ቅነ ምስ ፕረሲደንት ኢሳያስ</u>

*ማንም ሰብ ዝሓበረኒ ወይ ድማኒ፡ ኣብ ኢደይ ዝጨበጥክዎ ሰነድ፡ ዋላ ኣይ ሃልወኒ ደኣ እምበር፡ ኣብ ውህሉል ተመክሮ፡ ናይ ሶውራዊ ገድሊ ኤርትራ፡ ካብ መፈለምትኡ ክሳብ ሕጂ፡ ዝተፈጸመን ዝቐጸል ዘሎን ተመርኩሰ፡ ዝበጻሕክዎ ገምጋም ኣሎኒ። ገምጋመይ ፍሩስ ክኸውን ይኽእል እዩ። ነዚ ኣብ ግምት እና ኣእቶኹ ከኣ፡ ንነፍሲ ወከፍና እተበራብር ፊደል [ገ] an aler sybol: - ይጸቅጥ ኣሎኹ። [ገ] እንተ ተባሂሉ፡ ተበራበር ማለትተ እዩ። [ገ] እና ተባሃለ ከይ ትጋገ።*

**ገ- Alert**

*መርከብ ሃገርና፡ ኢሳያስ ጥራይ ኣይ ኮነን ዝዝውራ ዘሎ። እዛ መርከብ እዚኣ፡ ታይታኒክ ኢልና ንስመያ። እዛ መርከብ እዚኣ፡ ተጓኒጻ ድያ፤ ኣይ ተጓነጸትን፤ ክትጓነጽ ድያ ወይስ ኣይ ክትጓነጽን፡ ገምጋሙ ናታትኩም እዩ። ብናተይ ሚኒኮሎ ግን፡ ጽቡቕ እና ኣንሳፈፈት ትቕድም ከም ዘላ ትረኣየኒ ኣላ። ንሳ - እቲ ካቢታኖኣ እሳያስ እኳ እንተኾነ፡ እቶም ምስኡ ኮይኖም ዝመርሕዋ ዘለዉ - መሃንድሳትን፤ ጠበቓታትን፤ ፍላስፉታትን፤ ምዑታት ዋርድያታትን ዝርከብዎም ከይኮኑ ደኣ? እዞም ኣብ ቅድሚ ኢሳያ ኮይኖም፡ ብየማንን ጸገምን ጠረቤዛታት ኮፍ ኢሎም፡ ኣኼባ ክካይዱ እንርእዮም ዘሎና ምንስተራት ጥራይ ከም ምኽንዮም ኣይ መስለንን። የገዳስ ኣብ ትሕቲ ምድሪ ተሰዊሮም፡ ጸብለል ዝበሉ መራሕቲ ዝርከብዎም፡ ብቕዳማይ ደረጃ ዝሰርዑ- first class፡ ምስ ሰለላ/ምሕደራ፡ ናይ ኢስራኤል ሞሳድ፤ ናይ ሩስያ ከይጂቢ፤ ናይ ኣሜሪካ ሲኣይኤ ሕለፍያ ዝበሃሃሉ፡ ከም ዘለውና ምኺኖም፡ እና ጠርጠርኩ እየ። ክንሓምን ክነመስግንን እንተ ደኣ ኴና እምበኣርከስ፡ ናብ እሳያስ ጥራይ ኣይ ኮነን። ናይ ትማሊ ናይ ንሕናናይ ዕላማናን፡ ናይ ሎሚ ድማኒ፡ ናይ ንሕናን ዕላማናን፡ ሓያል ስውር ውደባ ከይ ህሉ ደኣ? ዘርከበ የርክብ፡ ዝተረፈ ይስዓብ። ኤርትራ ንቕድሚት።*

*ነዚ ሰብ እዚ፡ ከም ናይ ሰብ፡ ሰጋን ቆርበትን ዘይ ብሉ ኣምሲልና፡ ካብ ማህጸን ሰብ፡ ከም ዘይ ተወለደ ኣረሚን ኣምሲልና፡ ፊን ከከም ዝበለና ገቢርና - ሓራዲ ጎማዲ፤ ገባርን ሓዳግን፤ ኣሳርን ፈታሕን፤ ብያንቶኒ ናይ ጽዮንነትን USAን፤ ዓገመታይ ዶስ ከረነታይ ... እና ተባህለ፡ ነእምሮና ካብ ቦትኡ ከም ዝፈናቐል ገቢሩ፡ ከዕበድበደና ንዝጸንሖ ሕንትኽታኽ ኣሉባልታ፡ ልክዕነቱ ሚዛነ ፈኩሽ እዩ።*

*እቶም ሃተምተማት /ወሃም/ ክሳብ ክንደይ ክሕምረጉ ከም ዝጸንሑ ተዓዚብና። ሓንሳብ ጥራይ ዘይ ኮነስ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ክልተ እዋናት፡ ፕረሲደንት ኢሳያስ ሞይቱ፡ እንክበሃል ተረዲእና። ብቕድሚኡ ከኣ፡ ኢዚ ፕረሲደንት፡ ነስመራ ራሕሪሑ፡ ንባጽዕ ሰፊሩ እንክበሃል፡ ክንደይ ዘይ ተባህለ።*

*ሕጂ ድማኒ፡ ካብ ኣስመራ ንዓዲ ሃሎ ሸፊቱ እንክበሃል፡ ካብቶም ብዘይካ ምዕዝምዛም እንተ ዘይ ኮይኑ፡ ካልእ እወንታ ዝተሰወሮም፡ ንፈልጥ ኢና በሃልቲ "ኣምሰሉ"፡ መዓት ወረ ንሰምዕ ኣሎና። ኣነ ንባዕለይ፡ የዕዘምዝም እየ እሞ፡ ክሳብ ክንድዚ ዝዕምቆቱ፡ ንታሕቲ ባይታ ዘቢጠ ግን፡ ዘዕዘምዘምኩዎ ኣጋጣሚ ኣይ ዝከረንን።*

*ነዞም ኣዕዘምዘምቲ፤ ክውከሶም እንተ ደኣ ኮይነ ድማኒ፡ ከምዚ እዩ። ኣብዛ ሓሳይት ዓለምና፡ ኣየናይ መራሒ ርኢና ኮን ንፈልጥ፡ ካብቲ ምውቕ ዝኾነ፡ ኢምፐርያላዊ ንጉሳዊ ኩርሱ ወሪዱ፡ ኣብ ፈቖዶ ገጠራት ፡- ጨፈቃ ዝረግጽ፤ ምስ ሃመማ ዝሰዓዓም፤ ምስ በዓል ጣንጡ ዝቀዳደም፤ ኣብ ክንዲ <u>ፈርጊ</u> ዝኸደን፡ ኣሜርቕ ዝኸደን።*

*መን ኣሎ'ዩ? ንስለ ማዕተበይ ክዛረብ እንተ ደኣ ኮይነ፡ ከም ኩልና ሰባት ካባይ ጀሚርካ - ዝገበሮ ገበን እንተ ኣለዎ ደኣ ኮይኑ፡ ካልእ ጉዳይ እዩ። እንተ ዘይ ኮይኑ ግን፡ ከም ኣፍሪቃውያን መጠን ምኺና፡ እዚ ናቱ ቅዲ - style፡ ክንኮርዓሉ ዝግባእ እዩ። እዚ መራሒ እዚ፡ ካብ ማንዴላ ዝያዳ፡ ኣብነታዊ ናይ እዛ " ባርያ - Niger" ተባሂላ እትፍለጥ ኣፍሪቃ እዩ፡ እንተ በልኩ፡ እቶም ብቕንኣት ጠራዕ ዝበሉ፡ እስተረኒ ደኣ እምበር፡ ሸጓጉጦም, መልሓሶም, መዚዞም፡ ከም ዝትኩሱለይ ኣብ ግምት እና ኣእቶኹ እየ። ዝበሉ ዋላ እንተ በሉ ግን፡ ኣደይ ወሊዳ ኣይ መኸነትን፡ ወዲ እትየ ሳራ ገብረ፡ ጓል ዓዲ ማእኪ ምኺነይ እየ።*

*ኣስላማይ ይኹን ክስታናይ፡ ነዚ ዝብሎ ዘሎኹ ነገራት በንጻሩ፡ ብሒም ኢሉ ከረድእ ዝኽእል፡ ሓሰኻ ዘለዎ እንተሎ ደኣ ኮይኑ ሓንጎፋይ? ነቶም ተጻረፍቲ ግን፡ ብዘይካ ካብ ምጽራፍ ሓሊፎም፡ ካልእ ቁምነገር ከበርክቱ ድሩታት ስለ ዝኾኑ፡ ዝበሉ እንተ በሉ፡ ንኽዘነጋዓሉ ስለ ዝጠቕመኒ መርሓባ። ቅድሚ ሕጂ፡ ናብ እዚ ሰብ እዚ, ኢሳያስ, ኣነጻጺረ ብዙሕ ኣዕዘምዚመ እየ። ኣብ ዕቀባ ዓዋተዳትካም, archive, ኣብ ትሕቲ ዓምዲ "Tefeno" ኣሎ ከም ምኺኑ ስለ ዝፈልጥ፡ ካብኡ ከትእንገዱ ትኽእሉ ኢኹም። ኣንዲደሞ እንተ ዘይ ኮይኖም? እንተ ደኣ ኣንዲዶሞ ኮይኖም ግን፡ ንስለምንታይ ዘተሓትት እዩ?*

*ከምዚ ነዚ ፕረሲደንት እዚ፡ ኣመልኪቱ ዝበሃል ዘሎ ከቢድ ገበናዊ ውንጀላ፡ እወሓስ ኣግብእ ኢልካ ክትረትዓሉ ዘይትኽእለሉ ክሲ እዩ። የግዳስ፡ እቶም ከሰስቱ " ተመሳሲ መንፈርፈር ዘለወን ኣዕዋፍ፡ ብሓንሳብ ይነፍራ - birds of feather flock together-" ከም ዝተባህለ መጠን፡ ምስቶም ንገድልና፡ ገድሊ ሸፍትነት እዩ ነይሩ ንዝበሉና፡ ምስኣትቶም - ብተመሳሳሊ መንፈርፈር ዝነፍሩ ዘልዉ ኣዕዋፍ ከም ምዃኖም ይሕብር። ከምኡ ድማ፡ እቲ ፕረሲደንት ኢሳያስ ኣብ ትሺ ኤረ ቀሪቡ፡ ብስሩዕ ዝኾነ ቅድመ ምድላው፡ ዝገበሮ መግለጺ ህሉዊ ኩነታት፡ ናይ ግድን ከዛርበና ከም ዝግቦ መጠን፡ ውዕውዕ ዝኾነ ዝርርብ ይካየድ ኣሎ። ጽቡቕ እምበር።*

*እቲ ኣዝዩ ኣዛራቢ ኮይኑ ዘሎ፡ ፕረሲደንት ናብቲ ኣጀንዳ ዘቤታዊ ኣመልኪቱ፡ ብዘይ ቀለዓልም ንዘቕረቦ ከፋእ ወረ፡ ግን ከኣ ሓቂ ብጋህዲ ዝኾነ ጸብጻብ እዩ፡፡ ብተዛማዲ ክርእዮ እንከሎኹ፡ ከምቲ ድሩዕ ንስርሒታት ኩናት ምስ ወያነ ኣመልኪቱ "<u>ተጠላቒና</u>" ዝበሎ፡ ፕረሲደንት ኢሳያስ ከኣ፡ ኣብ ሓያሎይ ዓውደ ህንጸተ ትሕተ ባይታ ሃገር፡ ከም "ዝተጠላቐዩ"ይሕብር። ብዛዕብኡ ኣመልኪቱ፡ የማርር፤ ይጻረፍ፤ የስተንትን . . . ኣብ መጨረስታ ከኣ፡ ተማሂርናሉ ኣሎና ይብል። ጽቡቕ።*

*ተጋግየ ማለት ከም ምዃኑ መጠን፡ ካብ ጌጋኡ ተማሂሩ ክእረም እየ ንዝብል ግን - ትስፍው ስለ ዝኾነ - እግበረለይከ! ይኹን ደኣ እምበር፡ ኣነ መልሲ ክረኽበሉ ዘይ ከኣልኩ፡ ኣዝዩ ከቢድ ዝኾነ ሕቶ እና ኣዕገርገርኒ እዩ። መንግስቲ ኤርትራ ዘካይዶ ዘሎ ስራሓት፡ ተሓታትነቱን ግልጹነቱን፡ ግሉጽ ከም ዘይ ኮነ ኣብሪሁ። ይቃወም ድዩ ዘሎስ ወይ ይመርሕ ኣብ ሕቶ ምልክት? ንሕና እና በለ ድማ ይዛረብ። መን የም እቶም ንሕና?*

*<u>ቅርጺ ህንጻ መንግስቲ</u> ዘይ ብልካ እንከሎኺ፡ ንሕና ማለት ደኣ መን ዲኹም እንተ በልካዮምሲ፡ መልሱ እንታይ እዩ? ነዛ ሕቶ ኣብዚኣ ኣንጠልጢለ ኣብ ካልእ ዛዕባይ ይሓልፍ። ኣብ ዛዕባ ጅኦ ፖለቲካ ንዝበሎ።*

*ንሱ ከኣ ኣብ ዛዕባ ናይ ጅኦፖለቲካ ጥሒሉ: ማለትሲ - ነዞም ሓያላን ምዕራባውያን ሃገራት ንዝምልከት ነገራት ኣመልኪቱ፡ /ንዝውሕጦ መዓር ይጥዓም፤ ንዘይ ውሕጦ ከኣ ዕረ ይጥዓም፡/ ዝዓይነቱ ኣገላልጻ፡ ኣብ ጉዶምን ጉድጓዶምን ዘሊቑ ብምእታው፡ ቁልጭ ኣቢሉ ኣብሪሁልና። ኣነ ሓደ ካብቶም፡ ሕራይ ገበሮም ዝብሉ፡ ንሱ'ኳ ከውሕዶም በሃላይ እየ።*

*ንብዙሓት ግን፡ ግልብልብ ኣቢሉ ክሳብ ዝጽልኦም ከም ዝገበሮም፡ ካብ መልስታቶም፡ ሸው ንሸው ኣስሚዮሙና። ሓደ ካብ ኣቶም፡ <u>መደብ ሓቂ ብጋህዲ እዩ።</u> እንታይ ድዮም ኢሎም ኢንተልኩሙኒ: ካብቲ ንስኻትኩም ዝሰማዕኩምዎ ዝሓልፍ ኣይ ኮነን። ኣብ ምቁንጻብ፡ ንፕረሲደንት ኢሳያስ ዝኣመተ ኣትኩሮም ንዝበልዎ እዮም። ንኽብሪ ሃገር ከይ ተንከፉ፡ ንዑኡ ግን ከም ድላዮም እንተ ተዛረብሉ ኣይ ምገደሸንን። ክብሪ ሃገር ክትንከፍ ከሎ ግን፡ ዓገብ እንተ በልኩ ዘነውር ኣይ መስለንን።*

*ቃል ብቓሉ <u>"ንሶም ንባዕሎም ካብታ ጸባብ</u> <u>ካብ ዓዲ ሃሎ ነስመራ ዘይትበጽሕ መንግስቶም</u> ክምድሩን ክፍክሩን ምስማዕ ክሳብ ክንደይ ኮነታት ተደፊኑዎም ምህላዉ ዓቢ ጭብጢ ኢዩ።" ድምቀት ናተይ እዩ። መደብ ሓቂ ብጋህዲ፡ ቁ. 14*

*ዓቕሙ ካብ ዘየፍቅደሉ ደረት ጥሒሱ፡ ንሓያላት መንግስታት ከነኣእሲ፡ እንታዋይ ስለ ዝኾነ እዩ ዝዓይነቱ ዘረባ እዩ። ገሪሙኒ - " <u>ካብ ዓዲ ሃሎ ነስመራ ዘይትበጽህ መንግስቶም"?</u> እዚስ ብግርህነት ዝመለቐ ዘረባ ክኸውን ኣለዎ ደኣ እምበር፡ ንልእላውነት ሃገር ተንከፍ ዝኾነ ከቢድ ዛዕባ እዩ። ነዛ ነጥቢ እዚኣ፡ ከልዕላ ዝደረኸኒ ሕልና፡ ንድሕሪ ሕጂ፡ ካብ ከምዚ ዝኣመሰለ ተቐናጣዊ ዛዕባ መታን ክሕሰቦ ንምንቃፍ ደኣ እምበር፡ ተስፋ ስለ ዘቑረጹኒ ማለተይ ኣይ ኮንኩን። ብፍላይ ኣብ ልዕሊ ሓርበኛ ቀለታ ኪንዳነ፡ ዘሎኒ ትጽቢት ትስፉው ስለ ዝኾነ፡ ከይ ህመሉ እም፡ "ናይ ሎሚ ገደ ሸያብ ዝዓበደ" ከይበሃለሎም ስለ ዝሰከፍ እየ።*

*ናይ ሎሚ ገደደ ሸያብ ዝዓበደ ከም ዝበሃል መጠን፡ ኩሉ ዝሸየበ ግን ዑቡድ እዩ ማለት ኣይ ኮነን። ከመይ ማለት ደኣዩ'ም? ናይ ካልእ ሸያብ ሰብ ስርሓት ኣዘኻኺሩኒ። ንዝከር እንተ ደኣ ኴና፡ ቀ/ም ኢትዮጵያ ነብር፡ ወያናይ ትግራይ መለስ ዜናዊ፡ ምስ ሓለፈ እቶም ወልጠምጠም እንብል ኤርትራውያን ዘበልና፡ ኣብ ወፍሪ መግለጺ ሓዘን ናቱ ኣተኩርና፡ ብዙሕን ሒደትን ኣቃሊሕና። ኣነ ንባዕለይ እቲ ዝበሃል ዝነበረ፡ መንገዱ ዝሰሓተ መግለጺታት ንዝነበሮ ኣመልኪተ ስኽፍታይ ገሊጸ። ዘገርም እዩ ነይሩ።*

*ካብ ምግራም ሓለፉ ግን፡ ናይ ሓደ ሽማገላይ ሰብ እዮም፡፡ እዞም ሽማገላይ እዚኦም፡ ኩሉ ግዘ ኣብ ትዝታይ ዝነብሩኡ ሰብ እዮም፡፡ መለስ ዜናዊ መርገም ህዝቢ ኤርትራ በጺሒዎ ጉዲ ኮይኑ፡ ኣብ ዘይ መዓልቱ ምስ ተቐዝፈ፡ ንዝተሰምዖም ዓሚቕ ሓዘን፡ ብኸምዚ ዝኣመሰለ ደረጃ፡ ኣብ መራኽቢ ብዙሓን ኣቃሊሖም - "ኮኾብ ሰማይ ወዲቑ"። መለስሲ፡ ኾኾብ ሰማይ*

*የኣይ ኮይኑ? እንታይ ንማለት እየ፡ ነዚ ኸምዚ ዝመስል ኣብነት፡ በጨቕ ዘብሎ ዘሎኹ? ንስለ ልቦና እትበሃል ነገር፡ ክትንከፍ ስለ ዝደሌኹ እየ።*

*ልቦና - wisdom`- ካብ ዕድሜኻን ተሞክሮኻን ዝምዕብል፡ ውህሉል ዝኾነ ፍልጠት ወይ ጺጋ እዩ። እዚ ጺጋ እዚ፡ ንነገራት ኣብ ምምሚይ ዝግበር ፈተነ ድማኒ፡ ኣብ ሚዛናዊ ዝኾነ ገምጋም ወይ ፍርዲ ንኽትበጽሕ፡ ዝሕግዝ ዕድሎት እዩ። ንሕብረተሰብ ኤርትራ ከኣ፡ ንዘመናት ዝኣከል፡ እዚ ጺጋ እዚ እዩ፡ ከም ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኮይኑ፡ ከገዝእ ወይ ከዳቕስ ዝጸንሔ።*

*ኣብ ዝኾነ ወጥሪ ምስ ዝእቶ፡ ብናይ ለባማት ዓበይቲ ወይ ሽማገለ ዓዲ፡ ክፍረድን ክፍጸምን ጸኒሑ። ንሳቶም እዮም፡ ከም ሓገግትን፤ ፈጸምትን፤ ፈረድትን ኮይኖም፡ ነዚ ህዝቢ ከናብርዎ ዝጸንሑ፡፡ እቶም ሕጊ እንዳ ባታት ኢልና፡ እንኾርዓሉም ደባትር፡  በቶም ለባማት ሽማገለታት ዓበይቲ ዓዲ ዝተሃንደሱ ደኣ እምበር፡ ካብ ኤውሮጳ ይኹን ካብ ካልእ ዓለማት ተዳሪቶም ዝመጹ ኣይ ኮኑን።*

*እዞም ንሕና ተረፍ መረፍ ናይ'ቶም ቀዳሞትን፡ እዞም ንዓና ዝትክኡ ዘለው ወለዶንከ፡ ምስ እቶም ዝሓለፉ ለባማት ወለዶ፡ ገለዶ ናይ ልቦና ዝምድና ኣሎና'ዩ? ካባይ ጀሚርካ፡ ኣዝዩ ኣጠራጣሪ እዩ ዝመስል።*

*ለባማት ዓበይቲ ዓዲ ዶኾን ይኾኑ እልካ ንእትትስፈዎም ሽማገለታት፡ ካብ ዕቤቶም ንታሕቲ ወሪዶም፡ ሻማ ሻማ ክብሉ እንከለው ምስ ዝስማዕ፡ - ብሕልፊ ካብዞም ናይ ድያስጳራ ሰብና ዘበልና- ክላሲይ ዓልም! ዘብል እዩ። ከዛናግዓኩምዶ?*

*ሓደ ካብቶም ብዙሓት፡  ዘረብኦም ኣብ መሬት ዘይ ወድቕ ዝርከብዎም፡ ኣብ ዓድና/ቤት ምላደ/ ዘዕበዩና ለባማት ዓበይቲ ሰባት፡ ናይ ሓደ ኣቦሓጎና ዘረባ ከምዚ ይብል - "እንዳ ሓደረት ትንእስ"። ንሶም፡ ይዕዘቡ እሞ፡ ይግምግሙ። ይግምግሙ እሞ፡ ይዛረቡ። ይዛረቡ እሞ፡ እቲ ሓቂ፡ ካብቲ ቁኑዕ ኣበይ ከምዘሎ፡ ፈላልዮም ዝምህሩ፡ ካብ ፕረፈሶር ተሰፋጽዮንን፡ ዶክቶር በረኸትን ዝሕረዩ፡ ፍላስፋ እዮም ዝነበሩ።*

*እንዳ ሓደረት ትንእስ፡ ክብሉ እንከለዉ፡ ከመይ ከመይ ማለቶም ድዮም? ሓደ ሰብ፡ እንዳ ዓበየ ክኸይድ እንከሎ/ኣካላዊ/፡ ኣእምሮኡ ድማኒ፡ ምስቲ ዕበየቱ በጺሕዎ ዘሎ ደረጃ፡ ኣብ ክንዲ ዝመዓራረ፡ ንታሕቲ ናብ ናይ ቆልዕነት፡ ደረጃ ኣእምሮ ወሪዱ፡  ሸልከፍከፍ ይብል። ስለዚ፡ ንእንብሎ ዘበለ ኩሉ፡ እንተ ደኣ፡ ምስ ኩሉ ካልእ መዓቀኒታት ጥራይ ዘይ ኮነስ፡ ምስ ዕድሜና እውን ዘይ ዛመድ ምስ ዝኸውን፡ "እንዳ ሓደሩ ዝንእሱ" ከይ ንበሃል ዘይ ምዝንጋዕ።*

*ከም ኣብነት፡ ሸማገላይ ዝወለድካን ዝዘመትድን ክነስኻ፤ ናብ ኣስካላ ልቢ ጎበዝ ወሪድካ ምስ ትኮሻሽም፡ "እንዳ ሓደረ ዝንእስ" ማለት እዩ ፡ ከም ናይ ኣባሓጎይ ትዕዝብቲ።*

*እተካእ እለቀብ፡ መደብ ሓቂ ብጋህዲ ከም ዝሓበርዎ -  ሕብረተሰብ ኤርትራ፡ ተዋጋኣይ  ደኣ እምበር፡ ናይ ምምሕዳር ብቕዓት ከም ዘይ ብሉ፡ "ኣብ ዘበነ እኒ እኒ  ሕባሻ ኮሎ እምኒ" ፈረንጃውያን ዝበጽሕዎ ገምጋእ ከም ዝነበረ ይሕበሩ። ኣንቱም ሰናት፡ "ሓጺሩኒ እንተ በልኩስ ትደቢሩ እሰዕስዕ" ከም ማለት ተቐቢለዮ።  እሞ ደኣ፡ ካብ ዘበነ እኒ እኒ ሕባሻ ኮሎ እምኒ ጀሚሩ፡ ህዝቢ ሕብረተሰብ ምድሪ ባሕሪ፡ ካብ ናይ ባዕሉ ፍልስፍና ተመርኩሱ፡ ንምሕደራኡ ዘገልግሉ ወሰነ ሰፋሕቲ ሕግታት ከም ዝነበሮ ንፈልጥ ከነስና፡ እዞም በያሓት ፈረንጂ፡ ኢሎም ኢልና ክንቅበሎ ወይ ክንምህረሉ ምፍታን የምሕረልና ድዩ? እንተ ደኣ ዘምሕረልና ኮይኑ ግን፡ ከምዚ እንዳ በልና ዘይ ንስዕስዓሉ? ኣቓራሽ ኣብ ግምባር ንመደብ ጋህዲ ብሓቂ ከኣ ዘይ ንጥቅዓልም?*

*ፉም ፉም - መሃንን ከደ ወረደ!*
*ፉም ፉም - መሃን ከደ ወረደ!*
*ፉም ፉም - መሃንን ከደ ወረደ!*

*እዞም ፈረንጂ፡ ኩሉ ንማሕበራዊ ጉዳያት መጽናዕትታት፡ ዝምልከት ዝበጽሕዎ ገምጋም፡ ጉጉይ እዩ ማለተይ ኣይ ኮንኩን። ትሕቲ ወይ ልዕሊ እቲ ባዕልና እንውንኖ፡ ባህልናን ቅርስናን ሓሊፎም ምስ ዝምህሩ ግን፡ ቁቡል ኣይ ከውንን። ስለ ዝኾነ ድማኒ፡ ተበግሶ - objectivity ናይ "ሓቂ ብጋህዲ" ንስለ ሓርነት - liberty: ከም ምኺኑ ኣይጠራጠረሉን እየ። ግን ከኣ፡ "መዓኮር ምስ ጠረጠት - እግሪ ከም ትእከብ" መጠን፡ ንምጥንቃቕ ዝመስሎ ነገር የሎን ክብል ስለ ዝደሌኹ ደኣ እምበር፡ "መልሓስካ ትጨረም" ዝበሃለሉ እንተ ኾይነ ግን፡ ነዛ መልሓሰይ ቆሪጸ ስቕ ክብል ኣይ ከጸግመንን እዩ።*

ነዚ ፕረሲደንት እዚ ዝምልከት - ዕድሉ ሒማቕ ግዲ ኮይኑ፡ ስቕ እንተ በለ፡ ከም ዝሞተ፤ እንተ ተዛረበ ድማኒ ከም ዝዓበደ፡ ኣምሲልና ክንከየፈሉ ምስ ጸኒሕና። ናይ ሎሚ ገደደ ሸያብ ዝዓበደ፡ ክትብሉኒ ከም ትኽእሉ ምኽንኩም ኣዳዕዲዔ ዝፈልጥ እኳ እንተ ኾንኩ፡ ግን ከኣ "ቁኑዕ ተዛሪብካ፡ ኣብ መገዲ ባቡር ደቅስ፡ ከም ዝተባህለ መጠን" ዝበልኩም በሉ፡ ክሕምብጠሉ እየ።

ሓደ ወዲ ሕድርትና - gost፡ ጸልማት ተኸዲኑ መጺኡ፡ ሰብ ድዩ ወይ ሰይጣን፤ ወይ መልኣኽ፡ ከለልዮ ኣይ ከኣልኩን ደኣ እምበር፡ ንእሳያስ ዝምልከቱ ከበድቲ ሕቶታት ሓቲቱኒ ከነሱ፡ ንብኹሎም እቶታቱ ግን፡ ብቑዕ መልሲ ክህቦ ስለ ዘይ ከኣልኩ፡ እንቋዕ ለኪሙኒ ኣይ ከደን ደኣ እምበር፡ ብሕርቃን ተናዲዱ ጥራይ ዘይ ኮነስ፡ ኣቢይ ኣብለ ከይ በልኩዎ ተሰዊሩኒ።

እታ ሓንቲ ንሕቶታቱ ዝመለሽከዋ መልሲ ግን ከምዚ ነበረት። ኣነ፡ ነዚ ሰብ እዚ፡ ካብ ሰቢይ ንላዕሊ ብዝያዳ በሪኸ፡ ሓሓይኸ ጡፍ ክብሎ ጸንሔ እየ። ዕድል ናቱ ድዩ ናተይ - እንድዒ፡ እቲ ሰማይን ምድርን ዝፈጠረ ያህወህ፡ ብዘይካ ኣብ ጸጕሪ ርእሰና እንተ ዘይ ኮይኑ፡ ከይ ቆርመመ ከይ ሸርመመ ስለ ዘጽንሓና፡ ነቲ ኣብዚ በጺሔዮ ዘሎኹ ዕድመ ዝመስል ልቦና ምስ ተጠቐምኩ ግን፡ ኣረ ኣእያይ ናይ ቀደምን ናይ ሕጂን፡ ገለ ጽገናታት ከም ዘድልዮ በሪሁለይ። ብዝወሓደ "ናይ ሎሚ ገደደ ሸያብ ዝዓበደ" መታን ከይ ትብሉኒ ስለ ዝሰከፍ።

እዚ ሰብ እዚ፡ ካብ ናይ ደገን ናይ ውሽጥን ሓይልታት ዝተፈተነ ስርሒት ቅንጸላታት፡ ከም ዘደሓነ ክዝረብ ጸኒሑ እዩ። እዝግሄር - ኤርትራ ክትነብሪ ኢኺ ኢሉ ስለ ዝመረቐ ግን፡ ኢሳያስ ኣይ ተቐንጸለን። እግሪ ከይ ተኸልና እንከሎና፡ ተቐንጺሉ እንተ ዝነብር ነይሩ፡ እዛ ሕጂ ንዛረበላ ዘሎና ኤርትራ፡ ኣሸንኳዶ ካብ ዓዲ ሃሎ ነስመራ እትበጽሕ መንግስቲ ክትህልወና፡ ካብ ሓዝሓዝ ክሳብ ማርካቶ እትበጽሕ መንግስቲ እውን ኣይ ምሃለውትናን በሃላይ እዩ። ናቱ ጸገም ገባታይ ምኽኑ ደኣ እምበር፡ ንሱ ሓደ ካብ ክልተ ከም ኮይኑ ይርኣየኒ።

1. ሕሉፍ የማናይ ሃገራዊ ዘጋ - extream neo conservative nationalist zealot ወይ ድማኒ
2. ሕሉፍ ማሕበራዊ ዜጋ Extream communist national zealot.

ብዓቢኡ፡ ንመጻኢት ኤርትራ፡ ርግእትን ምዕብልትን ንምግባራ፡ እንተ ደኣ ንደሊ ኴና፡ ምስ ሓይልታት ሞጃሂደንን፡ ካልኦት ብዓሌቶም ዝምክሑ /ብሐራትን ኣግኣዝያንን ኢና በሃልቲ/ ክሳብ ንሰማማዕ፡ እዛ ዘላ መንግስቲ ከም ዘላታ ወሸለ ጸኒሓትልና ትምኒተይ እዩ።

ኣብዛ ዝሐለፈት ቅነ፡ ፕረሲደንት ኢሳያስ፡ ኣብ ቅድሚ ህዝቡ ተጋሂዱ፡ ንዘቤታውን፤ ዞባውን፤ ዓለም ለኻውን፡ ዝምልከት ኣብ ድቑሩን ስፍሓቱን ኣትዩ፡ ካብ ማንም መራሒ ሃገር ዘይ ትጽበዮ፡ ክንወዳደሮ ብዘይ ንኽእለሉ ቋንቋ ተጠቒሙ ዝተዛረቦ ትምህርታዊ እዩ:: መን እታይ ተማሂሩ ንዝብል ሕቶ ግን፡ ኣብ ናይ ነብሲ ወከፍ፡ ውልቀ ዓቕሚ ዝምርኮስ ይኸውን።

እቲ ኣገራሚ ዝኾነ ብህለቱ፡ ኣብ ምስልላጥ ናይ እቶም ዓበይቲ ዝበሃሉ፡ ትሕተ ቅርጻውያን ውጥናት ኣመልኪቱ፡ ክውንነት ጸብጻብ - progress report - ነቲ ኣዋዲኡ ዝኾነ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብዘይ ሕብእብእ ተገቲሩ ኣቕሪቡ። ንሓያሎይ ዘይ ተሳለጡ ውጥናት ኣመልኪቱ እንክብል ከሎ ድማኒ፡ ሕጂ እውን - ነታ ሕርይቲ ዝኾነት ቃሉ ተጠቒሙ፡ ልክዕ ከምቲ ንቕዋም ኤርትራ "ሞይቱ" ዝበሎ፡ ንመመንጨዊ ጸዓት ሕርጊጎ ዝምልከት ድማኒ፡ "ሞይቱ" እንክብል ተናሲሑ። ዘገርም። ካብዚ ንላዕሊ ዝናሳሕ፡ ወይ ከኣ ሓቂ ብጋህዲ ዝዛረብ፡ ብስቱር ምስ ኣቦነብሲ ዝግበር፡ እንተ ዘይ ኮይኑ፡ ሰሚዔ ኣይ ፈልጥን። ወሸለ ከምዚ ናቱ ዝብሉ በዚሖም።

ሓቂ ብጋህዲ ካብ ኮነ እምበኣርከስ፡ ካብዚ ንላዕሊ ሓቂ ብጋህዲ ኣይ ህሉን - እሞ ከኣ ካብ ሓደ መራሕ መንግስቲ:: ኣፍና ካብ ምጽያቕ ምቑጣብ፡ ኣይ መሓሸንዶ? ኣብቶም ዝሰንከሉ ትሕተቅርጽታት ድማኒ፡ ነዚ ኣቶ ኣመልኪቱ ተዛሪቡ።

- ኣርያፖርት ባጽዕን ኣስመራን
- ህንጻ ኣባይቲ
- ዝርግሐ ጸዓት
- ዝርግሐ ዝስተ ማይ ኣብ ከተማታት

ንተሓታትነትን ግሉጹነትን ዝምለከት ኣመልኪቱ

- ንናውቲ ስራሕ - equipment and machinery: ሰኣን እዋናዊ ክንክን - preventive maintainance, PM, ዝግበረሎም ካብ ኣገልግሎት ዝሰንከሉ ከም ዘለዉ ሓቢሩ፤
- ንዕቃበ እጃም ስራሕ ዝምልከት፡ ሰኣን ሓላፍነት ዘጕደሉ ምዙዛት ስራሕ፡ ስራሓት ከም ዝተበደሉ፤ the negative effect due to unsustainability by job functionaries.
- ብዛዕባ ሓንክርትን ኣዋቓዕትን ይዛረብ . . . ወ.ዘ.ተ

ፕረሲደንት ተባሂሉ፡ ብውሕዱ ነዝን ዝኸምዝን፡ ከም ሓደ ተቓዋማይ መሲሉ ዝዛረብ፡ እቲ በደል ካብቲ ክሊ ናይ ቤት ጽሕፈቱ ወጻኢ፡ ዝግበር ዘሎ ግስርጥና፡ ዝሕብር ስለ ዝመስል፡ ኣዝዩ . . . ኣዝዩ . . . ኣዝዩ ዘተሓሳስብ፡ ዘይ ቅርዑይነት ናይ ሓለፍቲ ስርሓት፡ ኤርትራውያን ኣምሲሉ እኳ፡ እንተ ተዛረበሉ፡ ንባዕሉ ንሱ ከኣ፡ ፕረሲደንት ናይ እዚ ብልሽውና እዚ፡ ካብ ምኳን ኣየድሕኖን። ካብዚ ተበጊሱ፡ እንታይ ክገብር ከም ዘለዎ ከኣ፡ ኩሉ ኣብ ኢዱ ስለ ዘሎ - ብተስፋ ንጽበ።

እቶም በደልቲ ዝገብርዎ ዘለዉ ምውቕቓዕ፡ ሻዕብያ ስለ ዝኾኑ ድዮም? ኣበደን። እንታይ ደኣ? ኤርትራውያን ስለ ዝኾኑ ጥራይ። ካብዚ ኣብ ድያስጶራ እንነብሮ ዘሎና፡ ናይ ኤርትራውይን ተግባራት፡ ንርእዮ ዘሎና እኪይነት፡ ዝፈላለ ኣይ ኮነን። ስለዚ፡ ተቓውሞና፡ ናብ ሻዕብያ ጥራይ፡ ዝድረት ጥራይ ከም ዘይ ኮነ ምግንዛብ፡፡ ጸገምና ብልክዕ ኣለሊና፡ - ዓይኒ ዘንቆረ ዓይኑ ምንቋሩ፡ ዝኣመሰለ ዲስፕሊናዊ ሜላ ክንጥቀም፡ ብልክዕ ንኹነታትና ዝምልከት፡ ከም ኮይኑ ይረኣየኒ ኣሎ።

## ዲሞክራሲያ

ኣዛ ዲሞክራሲያባ ዓል ዲሞክራሲያ እትበሃል ጕዳመኛ፡ ካብ ንጽግን ወይ ካብ ንእስነትና ጀሚርና፡ ክሳብ ንኣርግ፡ ደድሕሪኣ ዋላ'ኳ ዞኽዞኽ እንተ በልና፡ ዓይና ምሳይ ልባ ምስ ደበሳይ ኮይና፡ ነንሕድሕና ተዋቒዓና ስለ ዘላ፡ በታ ዝመጸታ ናብ እንዳ ዓለቦኣ ኤውሮጳኣ፡ ብዘይ ውዓል ሕደር ክንጥርዛ ይሕሸና።

ምኽንያቱ፡ ንሳ እንታወይቲ ከም ምኳና፡ ብልክዕ ንምፍላጣ ሸጊሩና ስለ ዘሎ። ዲሞክራሲያ እንዳ በልካ፡ ከከም ኣፍካ ዝሃበካ እንተ ኾይኑ ደኣ'ሞ፡ ተፋለሱ ወይ ተዋዱኡ ማለት'ዶ ኣይ ኮነንን? ዲሞክራሲያ እንዳ በልካ፡ መሰል ርእሰ ውሳነ፡ ክሳብ ምፍንጫል ናይ እንዳታት ማሕበረሰብ ኤርትራ፡ ካብ ኮነ እምበኣርከስ፡ እዛ ዲሞክራሲይ በታ ዝመጸታ የጥፋኣልና ፈጣሪ። ድሞክራሲያ ንዓና፡ "ዝጠፈሸ ነጋዳይሲ* መቓብር ኣቡኡ ኮዓተ" ከም ማለት ኮይኑ ይስመዓኒ። ነዛ ምስላ እዚኣ በተን መበቆል ቃኣታ ብህለት እንተ በልክዋ፡ ንገለ ሰባት ቅር ከየብል ስለ ዝስከፍ፡ እዛ "ነጋዳይ" እትብል ቃል ክለሳ* እያ - *euphemism::

ንዓና እተድልየና ዘላ፡ ከም ከበሮ ናይ ኣቦይ ናይ ኣቦሓጎይ፡ እንዳ ስድራና ኣከለጕዛይ እተ ሳዕስዓና፤ ከም እምብልታ ሎጎ ጭዋ እተወናውነና፤ ከም መሰንቆ ናይ ባርካን ካርነሽም ሰቕጥ እተብለና፡ ከም ሴፍን ጕራደን ናይ ዓንሰባ ኮይና፡ ሰጥ ለበጥ እተብል ንትሕሽና። እንታወይቲ ድያ?

ንሳ፡ ክርክር ካብ ጕቡእካ ከም ዘብኩር፡ ኣጻርያ ስለ ትፈልጥ፡ ሰጥ ለበጥ ኣቢላ፡ ንድሌታትና ዘርዊ፡ ከም ኩነታቱ ኣመዛዚና፡ ንፍተዎ ንጽልኣዮ ብዘየገድስ, ከም ኣቦኻ ርገም ኣቦኻ መርቕ, እትቕስብ ልዕሊ ኹሉ ዝበረኸት ንግስቲ እያ። ንሳ፡ እታ ንሃገርና፡ ካብ ሞት ናብ ሕየት ዘድሓነት፡ ዲስፕሊን ትበሃል። ከምዛ ወናም በረኸት መንግስተኣብ ዝበላ፡ "ብዘይ ሓደ ሕቶ ርእይቶ፡ ጕዳይ ሃገር ቀዳማይ ነገር" ማለት እያ።

ብሓልዮት ናታ፡ ሻዕብያ ተዓዊታ። ብሰኣን ናታ ድማኒ፡ ጀብሃ ዓሪባ። ካብ ማንም እዋን ሎሚ፡ ህዝቢ ኤርትራ እዛ መድሃሊት እዚኣ ተድልዮ ኣላ። ፈውሲ ቃንዛ ዘይ ኮነትስ፡ ፈውሲ ሕውየት እያ። ፈውሲ ቃንዛ እንተ ደሊና ከኣ፡ ካብ ኣስፕሪን ናይ ዶክተር ኢሳያስ፡ ዝሓይሸ ክሳብ ንረክብ ፤ምስ ቃንዛና ኈና ምጽናሕ ምጽማም።

ነዛ ዲስፕሊን እዚኣ ምስ እንደሊናያ፡ ኣፈቓዶ መሳጊድን በተ ክርስቶስን፤ ምስ ዝኾነ መስቀል ዘሳልም ዘበለ፡ ቀሺ ይኹን ወኪል ያህወክ፡ ምስ ዝኾነ ሸኽ ይኹን ሙፍጢ፡ ክንረኽባ ንኽእል። ምስቶም ዓለማውያን ከኣ፡ ንብዕራይ ከም ብቆራቑሮ፤ ንላም ከም ብማሕለኻ፤ ንፈረስ ከም ብልጓም፤ ንኣድጊ ከም ብቓይዲ፤ ንኽናብ ከም ብሳንቀ፡ ተጠቒምም ጥጡሕ ናብራ ዘካይዱ ዝነበሩ፡ ሎሚ እዚ ኣገባብ እዚ፡ ካብ ማን እዋን ዝያዳ ንህዝብና ተደላይ እዩ። እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ብህለት ናተይ፡ ንባዕሉ፡ በቶም ምሁራት ደርቢ ዝበሃሉ እውን፡ ብኻልእ ፈደላት ዝተመረቐ እዩ። ዲሞክራሲ ብቓስብ - totalitarian democracy: እብልዎ።

## ከመይነት ቀሳቢ ዲሞክራሲ - Totalitarian Democracy

ኣገዳስነት ናይ ቀስብ ዲሞክራሲ፡ ጌና ብንኡሰይ ኣብ ጉስነት እንከሎኹ ተሸዊጡኒ። ትዕዝብተይ ኣብ ሓንቲ ላመይ ዝተመርኮሰ እዩ። ንሳ - ብሕንቃቐ ተጻይቓ ምስ ኣትከኽትና: ኣገዳዲ ሜላ ተጠቒምና፡ ኣብ መስመር ብጸታ ከም ትኣቱ ምስ ገበርናያ ንድሕሪት፡ ኣብ ንቡር መንገዲ ተሰሪዓ። ሃብታም ዝኾነ ዛንታ ጉስነተይ ኣብዚ ምስ ኣእተኽዎ፡ ብጣዕሚ ኣኣንጋዲ እኳ እንተ ኾነ፡ ግፍሕ ዝበለ ስለ ዝነበረ ደምሲሰዮ። ከየ ድከመኩም መታን። ከትሰምዕዎ ትደልዩ፡ እንተ ደኣ ኴንኩም ግን፡ "እወ" ዝብል ምልክት፡ እንተ ሰዲድኩም ከማልኦ እየ።

እዚ ከምዚ ዝዓይነቱ ሜላ እዚ ሎሚ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ዝምልከቶ ኮይኑ ይስመዓኒ። ምኽንያቱ፡ ዲስፕሊን ዘይ ከተል ዲሞክራሲ፡ ንባዕሉ ዘይ ዲሞክራሲ ስለ ዝኾነ፡ ከእረም ይግብኦ። ዲሞክራሲ ንባዕሉ፡ ድስፕሊናዊ እኳ እንተ ኾነ፡ ፈኑ እንተ ተገዲፉ ግን፡ ናብ ስዲ ዲምክራሲ ስለ ዝልወጥ፡ ሳዕቤናቱ ኣብ ልዕሊ ሕብረተሰብ፡ ኣዝዩ ሓደገይና ይኸውን።

ከምኡ መታን ከይ ከውን እምበኣርከስ፡ ህዝቢ ኤርትራ ሎሚ፡ መጀመርያ ዲስፕሊናዊ ከይ ኮነ ዘሊሉ ሓሊፉ፡ ዲሞክራስያዊ ክኸውን እንተ ፈተነ፡ ሓደገኛ ከም ዝኸውን ድሮ እዚ ንዕዘቦ ዘሎና ፖለቲካዊ ፋሕ ጨንገራሕ እዩ። ሕዝቢ ፋሕ ጨንገራሕ ኢሉ ኢልካ ተሰፉ ዘቕርጽ ዘይ ኮነስ፡ እቲ ፋሕ ጨንገራሕ፡ ፍሊይነቱ ኣብ ፖለቲካ ስለ ዝኾነ፡ ነዚ ፖለቲካ እዚ፡ ፈትዩ ጸሊኡ ኣብ ዲስፕሊን ክኣቱ ህጹጽ ኣገዳስነት ኣለዎ።

ህዝቢ ደኣ ደይ ዝሃብካዮ ዝቕበል ባይታ እዩ። እቲ እትህቦ በገባብ ዲሞክራሲ ድዩ ወይስ ብኻልእ ኣገባብ ብዘየገድስ፡ ንረብሕኡ ዝጠቅም እንተ ደኣ ኮይኑ ኣየሰክፍን።

ተመክሮ ማለት፡ ካብ ጉዕዞ ሂወት ናይ ሓደ ኣካል፡ ዝተፈጸሙ ውህሉላት ሕሳብ ስምብራታት፡ ከም ኮይኑ ክግለጽ ይከኣል። ናተይ ተመክሮ ከኣ ብኸምኡ እየ ዝገልጾ። ቅድሚ ሕጂ፡ ነተዓባብያይ ኣመልኪተ ኣብታ "ላም ምስ ሓራዲኣ ትውዕል - ኤርትራኽ?" እትብል ርእሲ ዓንቀጽ፡ ዳሳ ወዲ ሓረስታይ ኣብ ዝነበርኩል እዋን፡ ነታ ዝፈትዋ ላመይ ዲና ኣመልኪተ ተመክሮይ ኣካፊለ ይነብር። ሕጂ እውን፡ ኣበይ ዝነብረ "ሁጉረ" እዩ፡ ከይ ትብሉኒ እና ተሰከፍኩ ደኣ እየ እምበር፡ ብዛዕባ ኣገዳስነት ጉዱድ ዲሞክራሲ፡ ብተምሳል <u>ግርማ ላመይ ኣደ ዲና</u> ኣቢለ፡ ነዚ ዝበልክዎ ኣምር፡ ከፉኹሶ ክፍትን እየ።

## ግርማ ላመይ

ግርማ ከም ሽማ ግርምቲ ኢያ። ብዙሓት ወሊዳ ዘፍረየት ላም ኢያ። ደቂ ግርማ ጥራይ ዝበሃላ ኣሓ ፡ ሙሉኣት ደንበ ይኾና። ቀንዲ መሓዝኣ ዝነበረት፡ ንዓኣ እተመሳሰል ፎንንጀ ትበሃል ነበረታ። ነተን ካልኦት እሞ፡ ብዓይና ኢያ ትቆጽዔን። እንተ ኣሕሪቖንኣ ከኣ፡ ኣይ ንርኣዮ ሕሱም ትሪቾዩ፡፡ በዘን ዋርዋር ዝብላ ኣቕርንታ ገቢራ፡ ብትን ብትን ኢያ ተበላን። እዛ ላም እዚኣ፡ መን ከማይ በሃሊት ዕብይቲን ተቓያንን ነበረት። ማይን ሳዕርን ከኣ ትሕሰም።

ብሕልፊ ንዓይ፡ ነታ ለዋህ ልበይ ኣጸቢቓ ስለ ትፈልጣ፡ ኮነ ኢላ ከተሻቕለኒ መታን፡ እተን ብጸታ ክበልዓ ከለዋ፡ ነዚ ሳዕሪ ጭንው ጭንው ኣቢላ ስለ ትፍንፍኖ፡ ሓንቲ ጉሳሞት ከይ መንጨተት ተሓሲማ ትዕነድ። በቲ ሓደ ወገን ብዘይ ምክንያት ኣይ ኮነትን። መምሩጹ ሳዕሪ ምብላዕ ዝለመደት፡ ብጋይት ላም ጋሽ ሰቲት, ዓዲባይራ, ኢያ። ስለምታይ ግርማ፡ ሳዕሪ ምለዛናይ ትሕሰም?
ጠጥዑሙ ሳዕሪ ዓዲባይራ ስል ትፈቱ። ግር ከይ ብለኩም መታን፡ ናይቲ እዋን እቲ ዝነበረ መነባብሮ፡ ብሕልፊ ንጉስነት ዝምልከት፡ ብመጽሓፍ ደረጃ እንተ ዝቐርብ፡ ትሕዝትኡ ሰፊሕ ስለ ዝኾነ፡ ኢታ ሕጂ ከካፍለኩም ዝኽእላ፡ ንእሽቶ ጭራም ዛንታ ጥራይ ኢያ።

ዓንሰባና, ዓሰባ ጻዕዳ, ምስ ዓንሰባ ለመጨሊ ተባሂሉ ዝፍለጥ ዝነበረ፡ ምምሕዳር ከረን በቲ ሓደ ወገን ኮይኑ፤ በቲ ካልእ ወገን ድማኒ ምስ ባርካ ላዕላይን ሎጎን ይዳወብ። እዚ ከባቢ እዚ፡ እቲ ብፍጥረተ ንዋይ፡ ፈሕፍሕ ዝበለ ሃብታም ነበረ። ንዋይ እንክብል ከለኹ፡ እተን ብጋይት ተባሂለን ዝፍለጣ፡ ናይ ኣሓ ዓሌት እየን። መዳሰ መረት ናይ ንዋይ ዓንሰባን፤ ዓሰባ ለመጨልን ሎጎግን ከኣ፡ ንሰለስተ ርብዒ ዓመት ዝኣክል፤ ካብ ጥንቲ ጥቅምቲ፡ ኣብቲ ቦዱ ተባሂሉ ዝፍለጥ መሬት፡ ከም ዓዲ ባይራ ተባሂሉ እውን እንፈልጦ ዝነበርና፡ ኣብ ዓዲ ኣናብስን ሓራምዝን ነበረ፡፡ ፖለቲካዊ ስሙ ግን፡ ጋሽ ባርካ ወይ ድማኒ ጋሽ ሰቲት ከም ዝበሃል፡ ኣብ ቤት ትምህርት ተማሂርናዮ።

እዘን ንዋይ እዚ ኣተን፡ ከም ኩነታተን መጸውዒ ስም ኣለወን - ብጋይት። ነዚ ቦታ እዚ: ናተይ ጥራይ እዩ ዝብል ቀርነልዮስ ዓሸከር መንግስቱ: ንግርማኸ ኣበይ ከተእትዋ ከም ዝደሊ ስለ ዘይ ፈልጥ፡ ኣብታ ንሱ ዘለዋ ዓዱ ዓዲ ኣብስንያ እንተ ነበረ ንዑኡ ይጥዓም ደኣ እምበር፡ ጋሽ ሰቲትንሲ ናይ ኣሓይ ደምበ እያ።

እተን ኣጥበውቲ - ሕልብ፤ እተን ዘይ ኣጥወብቲ ድማኒ - ንጽፍ ተባሂለን ይከፋፈላ። እተን ሕልብ ዝበበሃላ፡ ኣፍረይቲ ናይ ጸባን ልኻይን ጠስምን ስለ ዝኾና፡ ኣብ እዋን ክራማት፡ ነናብ ወነንተን ስድራ ቤታት ዝነብርሉ ዓድታት፡ ተመሊሰን ክሕቆና ኣለወን። ማለትሲ፡ ካብ ጋሽ ባርካ ናብቲ ብሓፈሻ ሮራ ዝበሃል ክፍሊ መሬት፡ ወይ ከኣ ከም ደጋን ወይነ ደጋን ዝፍለጥ ቦታታት እዩ።

ክራማት ተወዲኡ ቆውዒ ምስ ሓለፈ ግን፡ ኣብ ወርሒ ታሕሳስ ኣቢሉ ከኣ፡ ከም እንደገና ምስ ምራኹተን ንጋሽ ባርካ ሃፍ ይብላ። እቶም ንጉስነተን ዝምደቡ ኣዳብዝ - spartans - ፡ ብዘይካ ጸባን ማይን ካልእ ዘይ ጥዕሙ፤ ብዘይካ ልኻይ ካልእ ዘይ ኳሓሉ፤ ብዘይካ ኣብ ክራማት: ዝተረፈ እዋን ግን፡ ምስ ኣናብስን ሓራምዝን ዝዛመዱ እዮም። ኣነ ግን፡ ዳሳ ናይ እተን ኣብ ክራማት ዝመጻና ኣሓና ደኣ እምበር፡ ንጋሽ ባርካ ወሪደ ምሰ'ዞም ስፓርታንስ ከዳሲ፡ ጽቡቕ ዕድለይ ኮይኑ ብጸቢብ ምስ ኣምለጥኩ፡ ሕዳሪናይ ወላድየኣይ ካብ ክሎም መሳቶይ መዝሒቑ፡ ንትምህቲ ኣሰኳላ፡ ንዓዲ ንኣምን ኣሳጊረኒ፡፡

እነኹልም ሕጂ፡ እታ ጉስነተይ ከይ ትሕሸኒ፡ ዋላኳ እታ ቆቢዕ ናይ ትምህርቲ፡ እንተ ተዋሃብኩዋ፡ ምስቶም ቀደም ብእዋኑ፡ ካብ ባህልን፤ ክብርን፤ ቅርስን፤ ታሪኽን ህዝብና ዝሃውተቱ ምሁራት ኢና ዝብሃሉ ግን፡ ከም ካልኣይ ዜጋ ናይ'ቶም እየ። ይኹን ደኣ እምበር፡ ካብ ምስ እዚ ኣቶም፡ ሽውዓተ መዓሙቕ ይመርጽ። ናይ ግርማ ግዳ ዘይ ትገብር እንተ ኢልኩሙኒ ከኣ - ወርቂ'ምበር።

ግርማ፡ ሓንቲ ካብተን ብጋይት ላምና እያ። ንኸትሕለብ ደኣ እያ፡ ትመጸና እምበር፡ ዓዳስ ኣብቲ ሰብ ዘይ ደፍሮ፡ ሳዕሪ መሮር ዝብልዖ፡ ምድሪ ጋሽ ባርካ እዩ። ሳዕሪ ዓድና ንዓዓ ግልልብልብ እዩ። ከምኡ ስለ ዝኾነት'ያ ድማ ትሕሰም። ኣንቲ ብልዒባ እንተ በልኩዋ - ዕጭለይ። ኢሂ እንተ በልከዋ - ኣነ ነዚ ርጋጽጋጽ ሳዕሪ፡ ካብ ምብላዕ ጾመይ ይሕሸኒ። ትሓልዩለይ እንተ ኼንኩም፡ ዓደይ ሰደዱኒ ትብለኒ።

እሞ ከድኣ እንተ በልከዋ - ሰብን ከብትን ዘይ ረገጽኦ፡ ሳዕሪ ደረት እንተ ዘይ ኮይኑ፡ ዝበልካ እንተ በልካ - ኣይ ትድከም ትብለኒ። ወይ ትጉደይ፡ ዘይ ረኽቦ ዘይ ብለይ እናበልኩ፡ መታን ከይ ትዓብረኒ ሓልየ፡ ሳዕሪ ደረት ከብልዓ ይዳሎ። ሰብ ከይ ርእየኒ መታን ግን፡ ምድሪ ጸልሚቱ ኩሎም ዳሶትን ሓለውቲ ግራውትን ዓድና፡ ንዓዲ ክሳብ ዝኸዱ ክጸበ ኣሎኒ። ገበርኩዎ ከኣ። ተኣዘዝከዋ ከኣ። ስለ ዝፈትዋ። ምሽት ምሽት ከየጽገብከዋ ኣይ ኣቱን።

እቲ ሳዕሪ ደረት፡ ሃመም ወይ ሰለል ክብል እንከሎ ምስ ረኣኹ፡ ሰላሕ እና በልኩ፡ ነቲ ሓጹር ግራት ይቕንጥጦ'ሞ፡ መጀመርያ ንግርማ ኣምሪሔ የእትዋ። እተን ዝተረፉ ብጾታ ድማኒ፡ ደድሕሪኣ እና ሰዓባ፡ ከብደን መሊኡ ክሳብ ዝጎስዓ ይበልዓ። ዝገርመኩም፡ ብዘይካ ሳዕሪ ደረት፡ ሓንቲ እኽሊ ነጭበን ከይ በልዓ፡ ስለ ዘሰልጠንኩወን፡ ንሳዕሪ ካብ ባልጋ ዕፉን፡ ብመልስሓሰን ፈልየን ዝበልዓ እየን። ነዚ ክገብር ከኣ፡ መሬት ጸልሚቱ ጭውጭው ክሳብ ዝብል፡ ምስ ኣጽገብኩወን፡ ኡግ እንዳ በልኩ መሪሔየን ንገዛ ይኣቱ።

ሓንሳብ ሓንሳብ፡ ኩሉ ሰብ ጨሪሩ ምስ ኣተወ፡ ኣነ ግን ገዛ ከይ ኣቶኹ ስለ ዝድንጉ፡ መሬት ጽልግልግ ምስ በለ ድማኒ፡ ስድራይ ስለ ዝሻቐሉ፡ ኣብ ጎቦ መስቀሎ ዓድና ወጺኦም " ዎዎዎዎ . . ተሰፋልደት፡ እንክብሉ ይደሃዩኒ። ኣነ ግን፡ እንተ ደኣ ዘዳርት ኣልየ ኮይነ፡ በዓል ኣባድሻ፡ ከይ ሰምዑኒ መታን የኹርጥ።

ግራውቲ መሬት ገደና ደሮቛ ዓድና፡ ኣነ ዘይ ኣዳረትኩላ ኣይ ትርከብን። ሻጥር ዳሳ ነበርኩ - slik ። ግራት ናይ ሓወቦና ዝኾነና ኣባድሻ ግን፡ ኣጸቢቕና ስለ ንፈርሖ፡ እንተ ረኺቡኒ፡ ሻቦጥ ገይሩ፡ ስልዕ ስልዕ ከይብለኒ፡ ስሕት ኢለ ኢንተ ዘይ ኮይነ፡ ኣይደፍራን እየ ዝነበርኩ። ግራት ናይ እንዳ ሓወቦይ ደበሳይ እም ከኣ፡ ኣሸንኳዶ ከዳርተላስ፡ በዛ ጥቓዓ ክሓልፍ ንጋዳ እዩ። ዑንኩራይ ወዶም፡ ምስ ምዕባይና ሓው ኮይናም፡ ሰጊድ ሰላም፡ /ስዩም ዓቢዶ ስዩም ንእስቶ/ እዮም ዘብሉኒ። ንዑንኩራይ ግን፡ የሕምቑ ስለ ዝነበርኩ፡ ኣብ በይንና ምስ ንራኸብ - ተሕምቕኒዶ የሕምቕካ ምስ በልኩዎ - እና ተመሻኸነ ተሕምቀኒ'ምበር እዩ ዝብለኒ። ምስ ሓው እንተ ኮይኑ ግን፡ የሕምቐኒ ነበረ።

ገደናና ደሮቛ - ከምቲ ኣነ ዝናፍቐኪ ትናፍቕኒ ዶኾን ትኾኒ? ቆውዒ ሓሊፉ ዑፍነ ማሸለ ምስ ተኣከበ፡ እዋን ምስዓርኪ ምስ ተኣወጀ፡ ብምሉ ኣትና ዳሶት ዓድና፡ ነንዋይና ሒዝና ብምርኻብ ብሓባር ነሕልፎ ዝነበርና፡ ወግዒ ንእስነት ሎሚ ኣሎ ዶኾን ይኸውን? ቃንጫ ዑፍን ቀቀሪፍና፡ ንሓይኮ ዝነበርና፡ ይዝክሮ እም የሕነቕንቐኒ። ሎሚ እንተ ዝመጸክሲ፡ ከም ቀደምኪ

*ኮንኪዶ ምጸናሕክንስ ወይስ፡ ኢዶም ኣይሳኑ፡ ፋሕ ፋሕ ኣቢሎሚኺ እዮም? ኣሎዶ'ቲ ቃንጫኺ፤ ኣሎዶ'ቲ ኩርታዕኪ፤ ኣሎዶ'ቲ ኩዕቲ፤ ኣሎዶ'ቲ ሻምግ ኣሎዶ'ቲ ኪታ እቲ ምልሓ፤ ኣሎዶ'ቲ ኩሞል እቲ ጋባ፤ ኣሎዶ'ቲ ምልዖ እቲ ዳዕሮ፤ ኣሎድ'ቲ ምጽምጻ እቲ ሳግላ? እቶም ወዓጋት እተን ወኻሩ፤ እቶም ኣዛብእ እቶም ጭቛምበሳ፤ እቶም ጋወኒት በዓል ሽላ ራውያከ ኣለውዶ?*

*እቲ ሸይጣን ጸልማት፡ ናይ ዳዕሮ ኣይትቕንጠብከ፡ ክሳብ ህጂ ኣብኣ ተሰቒሉ ኣሎዶስ የሎን? ንሱ'ም ያረት ክሳብ ሕጂ ኣብኣ ከይህሉ። ንሱ - እቲ ርጉም፡ ኣብ ሓደ ምሸት፡ ነቦይ እገለ ዝተባህለ ወረጃ ዓድና፡ በዛ መንገዲ፡ ንበይኑ ክሓልፍ ምስ ረኣዮ፡ ካብዛ ዳዕሮ ወሪዱ፡ ድውን ድውን ኣቢልዎ ስለ ንሰምዕ፡ በዛ ዳዕሮ ክንሓልፍ ከሎና፡ እዚ ሸይጣን ወሪዱ ከይሰሃለና፡ በስምኣብ. . . በስምኣብ... በስምኣብ እንዳበልና ኢና ንሳገራ። ኣነ ምስ ኣሓይ በዛ ዳዕሮ ኣይ ትቕንጠብ ክሓልፍ ከሎኹ፡ ብፍርሓት ኣብ ጎኒ ጊኒ በዓል ግርማን ዲናን ኣሓይ፡ እና ተጎዘጎዝኩ እየ ዝሓልፋ ዝነበርኩ።*

*ደሮቓ፡ ትሰምዕኒ እንተ ደኣ ሃሊኺ፡ ኣተን ኣዝየ ዝፈትወን ኣናጹኺ ኣለዋዶ? እዚ ኹሉ ትሕቲ መሬትኪ ዝነበረ ጎዳጉድ፡ ፋሕቲረን ፈሓሒረን መኻዚኖ ኩዕንትን ኩርታዕን ንኽእከባሉስ ዝገበርኦስ፡ ንስኪ ዲኺ ኣፍቂድክለንሲ ወይስ ምስለነ ዓንሰባና ቀናዝማች ሓጎስ እዩ? ዝኾነ ኮይኑ፡ ንሳተን ካብዝን ካብትን ፍረ ግራትኪ፡ ማለትሲ - ኩርታዕን ኩዕንትን፡ ፈፋሕቲረን ዝኣከብኦ፡ ንሕና እቶም ዳሶት ንሰርቀን ዝነበራ፡ ክሳብ ሕጂ ምስ ጥዕነኤን ምሳኺ እንተ ኣለዋ ኮይነን፡ በቲ ክልተ ኣእዛነን ሒዝኪ፡ ኣብ ክንዳይ ሰዓምለይ - ሓደራኺ። ብጣዕሚ እየ ዝናፍቐን። ብሕልፊ እታ ሓንቲ ካብ ኣተን፡ ኣብቲ ማዕከና፡ ኢደይ ሰዲደ ሃሰውሰው ክብል ካብ ምድቃስ፡ ምስ ኣበራበርኩዋ፡ መሽሎኽ እላ ወጺኣ፡ ተደቢረ እንከሎኩ፡ ሃሀ ኢሉ ዝነበረ ስረይ፡ መቐቢ መሲልዋ የኣይ ተደቕደቐቶ። ፋሕተርተር እንክትብል፡ ብፍረነብሰይ ምስ ተጻወተት፡ ዝገብሮ ጠፊኡኒ፡ ክሰራሰር እንከሎኹ ይዝከረኒ።*

*ኣየ ወ እዚ ጉስነት፡ ተመሊስካ ክትዝክሮ እንከሎኻ፡ ከም ዘይ ሃሰስ ደብተር ኮይኑ'ዩ፡ ኣብ ኣእምሮኻ ዝግተር - ኢንጅነር ኣስገዶም ከም ዝዘመረሉ። ተናፋቕት ደሮቓ፡ እዛ ኣንጭዋ እዚኣ ክሳብ ሕጂ ምሳኺ ትነብር እንተላ፡ ሓደራኺ፡ ብኽልተ ኣእዛና ሒዝኪ፡ ኣብ ክንዳይ ኣብ ክልተ መዓጓጉርታ ሰዓምለይ። ሒማቕ ግዘ ደኣ ኣርኪቡኒ እምበር፡ ባዕለይ መጺኤ፡ ወጋሕ ክሳብ ትብል ለይቲ መዕለልኩወን።*

*እንታይ እሞ - እዝግሄር ጸሊኡለይ ግዲ ኮይኑ፡ ኣነ ዘይ ፈልጦ ሓደ ስውር ሓጥእ ይጻወተልይ ኣሎ፡፡ 100% ወዲ ደሮቓ ምኳነይ ዘይ ፈልጥ፡ ዋጋ ናይ 2% ዶላር ዘይ በቕዕ ዘጋ ከም ምኳነይ ገቢሩ፡ ክመጸን ከም ዘይ ክእል፡ ቀፊዱ ስለ ዝሓዘኒ ደኣ እየ እምበር፡ ጽባሕ ንግሆ ምኸድክወን። ጸገመይ ክፈልጥ ምስ ፈተሽኩ ከኣ፡ ብዙሓት ደኣ ኣይ ኮኑን እምምበር፡ ሓያሎይ መናፍስቲ መኣስ ንስኻ ጥራይ ኮንካ ዝተበደልካ እንክብሉ፡ ክልተ መረዳእታ የቕድሙለይ።*

*1) ነዛ ሃገር፡ ከም ሸሜንቶ ኣጣቢቑ፡ ነቕነቕ ንኸይ ትብል፡ እና ሰርሔ እንከሎ፡ ብኽመይ ከም ምኳኑ ዘይ ፍለጥ፡ ሞይቱ ክበሃል ተሰሚዑ ይብሉኒ። ኣስዕብ ኣቢሎም ድማኒ፡ ናትካ ጸገም ምስ እዚ ምስ እነዋዳድሮ፡ ፈኩሽ እዩ ይብሉኒ። እንታዋይ እበሃል ምስ በልክዎም ድማኒ - <u>ቅዋም</u> እበሃል እብሉኒ።*

*2) ካልእ ከኣ፡ ኣብ ልዕሊ ናይ ገለ ሰባት ሕልናታት ዝተፈጸመ ሸማሚ ስጉምቲ እዩ። እንታይ ስለ ዝገበሩ ምስ በልክዎም ከኣ፡ እዞም መናፍስቲ ኢዚኣቶም፡ ብቤላ ቤለው ሰሚዕናዮ ዝበልዎ፡ ሓደ ካብዞም ዝስዕቡ ሰለስተ ምኽንያታት፡ ስለ ዝገበሩ ከም ምንባሮም ይሕብሩ።*

- *እቶም ሕልናታት ብጥምሮ፡ ሓንጎል ሰብ ዘናውጽ ሕቶታት ስለ ዝሓተቱ፤*
- *ወይ ከኣ፡ ንሓደ ኩሉ ሰብ ዝፈትዎ ፈረሰኛ፡ ነቲ ፈረሱ ኣሕዲጎም፡ ሓዲሽ ኮረሻ ሽሊምም ክውጥሕዎ ስለ ዝደለዩ፤*
- *ወይ ከኣ፡ ነቲ ፈረሰኛ ንባዕሉ ክቐትልዎ ስለ ዝደለዩ፤*

*ከምዚ ይኹን ኣይ ይኹን ግን፡ በቲ ዝገደደ ገበን፡ ከም ብፈተነ ቅትለት ኣብ ልዕሊ እቲ ፈረሰኛ እንተ ደኣ ኮይኑ፡ ኩሩንኩሪት ተሞቒሖም ንፍርዲ ዘይ ቀርቡ ስለምንታይ፡ ኢለ ምስ ሓተትክዎም፡ ብዛዕባ እዚኣስ ንፈልጦ የብልናን በሉኒ።*

*<u>ከምዚ ካብ ኮነ ደኣ፡ ኣየናይ ሕላና ዘለዎ ሰብ እዩ ከድሕን ዝኽእል። ሃገራዊ ድሕነት ካብ ኮነ ጭርሖና፡ ሕልናዊ ድሕነት ከኣ ክህሉ ይግባእ።</u>*

*ግርማ ላመይ ከኣ ካልእ ተወሳኺ ጸገም እውን ነበረ። ማይ ከነስትየን ርባ ነውርደን እሞ፡ ኩለን እና ተበርህን፡ ነዚ ማይ ሒፍ ክብልኦ እንከሎዋ፡ ንሳ ግን ኣብ ክንዲ ትሰቲ፡ ጭንው ኣቢላ ትሕሰሞ ወይ ትዘውዮ። ዘዋይት ዝኾነት ፍጥረት፡ ኣንጻር*

ጥቕማ ጥራይ ክትከይድ ኢያ ትሓሪ። እቶም ኣዕርዮም ካብ ንእስነታ እንከላ ኣብ መጓሰ ጋሽ ባርካ ዝጓሰዩዋ ስለምታይ ማይ ምስታይ ትዘዊ ከምዘላ ካባ ዝረኸብዎ መልሲ ከምዚ ይብል።

እዚ ማይ ናይ እዚ ዓዲ እዚ፡ ኣይምቅረን እዩ። እቲ ንዓይ ዝስተየለይ ግን፡ ማይ ጋሽ ባርካ ስለ ዝኾነ፡ ንዓዳይ ትመልሱኒ ዝብል ምኽንያት ከም ዝነበራ ይሕብሩ። ግን ከኣ፡ ከምዚ በለት ይብሉ፡፡ ኣብቲ መጀመታ ሰሙን፡ ካብ ጋሽ ኣብዚ ምስ መጻእና፡ ጨው ዝተሓወሶ ማይ፡ ኣቲኹምና ነርኩም። ጽቡቕ ገቢረ እየ ሓምፊፊዮ። ሕጂ እውን፡ ጨው ሓሓዊስኩም እንተ ሂብኩሙኒ፡ ክሰትዮ ጸገም የብለይን በለት ይብሉ።

እዚስ ዘይ ከውን ጠለባት እዩ ክብሉ ግን ይጭነቑ። ምኽንያቱ፡ ኩለን እተን ኣሓ፡ ወርሒ ታሕሳብ ቅድሚ  ምውድኡ፡ ንጋሽ ስለ ዘይ ምለሳ፡ ንዓኣ ንበይና ሎሚ ክንመልስ ኣይ ከኣልን። እቲ ናይ ጨው ጉዳይ እውን፡ ሓንሳብ ዳርጋ ኣብ ኣርባዕተ ሰሙናት ወይ ዝያዳ፡ ደኣ እየን ዝሰትያ እምበር፡ ንበይና መዓልቲ መዓልቲ ጨው ክነስትያ፡ ዘይ ከኣል እዩ ይብሉ። ደሓር ከኣ፡ ከም ፈውሲ ናይ ምዕፍታይ ወይ መንፋሕቲ ደኣ እምበር፡ ስለ ጥዑምጥዑም ክጥዕመን ኣይ ኮነን ዝግበረለን። ጨው፡ ከም ኣእካልና ኣብ ግራትና ኣብቁልና ንሓፍሶ ኣይ ኮነን። ካብ ኣስመራ ተዓዲጉ እዩ ዝመጽእ። ዋጋ ዝሓትት እዩ። እተን ካብ ጸባ ናታ፡ እንረኽበን ጠስሚ እንተኾና፡ ንመዓደጊ ጨው ዝኣኽላ ኣይ ኮናን።  እሞደኣ እንታይ እገበር ተባህለ።

ብዙሓት ናይ እቲ ዓዲ ኣቦታት፡ ንናይ ከብቲ ክንክን ጥዕና  ምሕላው ዝምልከት፡ ካብ ቨትሪናርዮታት ዝሕረዩ ምኩራት ስለ ዝነበሩ፡ እንታይ ክግበር ከም ዝከኣል፡ ምምኽኻር ተገብረ። ንኹሉ ኩነታት ናይ ግርማ ድማ ብደቂቕ ፈለጥዎ። እዛ ላም እዚኣ፡ ብዘይካ ሕንቃቕ እንተ ዘይ ኮይኑ፡ ካልእ ጸገም ከም ዘይ ብላ በጺሑዎ። ንሳ ካብዘን ኣሕዋታ ፍልይቲ ትኾነሉ ምኽንያት የብላን። ኣይ ሕረስ ኣይ ቁረን ንዝበለ፡ ብግዲ ከም እነሕርሶ መጠን፡ እዛ ላም እዚኣ ከኣ፡ ኣንጻር ጥቕማ ትኸይድ ስለ ዘላ፡ ፈትያ ጸሊኣ ክትግደድ ኣለዋ ተባህለ። ክልተ ግደዳ ከኣ ተወሰነላ።

1. ብዒባ ዝተበጽበጸ ማይ ሓደ ቴና ትመልእ። ነዛ ላም ከኣ፡ ብሓሊ ክሳዳ ጓጺጽካ ምስ ኣውደቕካያ፡ ነዚ ብዒባ ዝተበጽበጸ ማይ፡ ብኣፋን ኣፍንጫ ኣመንጊግካ፡ ከይ ፈተወት ከም ትሰትዮ ምግባራ። ብድሕሪኡ፡ ከም ብጾታ ክትከውን ኢያ።

ወይ ከኣ

2. ሰልስተ መዓልታት፡ ማይ ከይ ሰተየት ጥምዮ ተውዕላ እሞ፡ ብጽምኢ ጠራዕ ምስ በለት፡ ከምዚ ይገበር። ብዒባ ዝተበጽበጸ ማይ ጋብላ ይምላእ። ንኽትሰትዮ ድማ ተውርዳ። ካልእ ምርጫ ስለ ዘይ ብላ፡ ነቲ ረሳሕ ማይ፡ ክትሰትዮ ኢያ፡ ዝብል ገምጋም እዩ።

ነዛ ዳህረወይቲ ገዳዲት ሜላ ተጠቒምና፡ ንግርማ በዳህናያ። ዝገርመኩም፡ ምርጫ ስለ ዘይ ነበራ፡ ነዚ ብዒባ ዝተመራስሔት ማይ ጋብላ ሒፍ በለቱ። ብድሕሪ እዚ ኹሉ ፈተነ፡ ሰጥ ለበጥ ኢላ፡ ከም ኣሕዋታ ክትበልዕን ክትሰትን በቕዔት። ካብ ከምዚ ኣብነት ተመርኲስና ምስ ገምገምና፡ ኣብ ምንታይ መደምደምታ ከብጽሓና ይኽእል?

ግርማ፡ ኣንጻር ጥቕማ ክትከይድ ድሕሪ ምጽንሓ፡ ደሓር ግን ንምእንቲ ጥቕማ ክትእዘዝ ተገደደት፡፡ ሰጥ ኢላ ምስ ተኣዘዘት ንድሕሪት ከኣ፡ ሽግራታ ተፈቲሑላ። እዚ ከምዚ ዝዓይነቱ ቀሳቢ ዝኾነ ኣገባብ እዚ፡ ሎሚ ንህዝቢ ኤርትራ የድልዮ ኣሎ።

ብዛዕባ ቀሳቢ ዲሞክራሲ - Totalitarian Democracy ከም ጀማሪ ኮይኑ ዘተ ኣታተወ እስራኤላዊ ተራኺ፡ J.L Talman ነበረ። ንሱ፡ ኣብታ ኣብ 1952 ዝደረሳ መጽሓፉ ከምዚ ዝስዕብ ገምጋማት ንረክብ።

> *"Talmon's 1952 book The Origins of Totalitarian Democracy discusses the transformation of a state in which traditional values and articles of faith shape the role of government into one in which social utility takes absolute precedence. His work is a criticism of the ideas of Jean-Jacques Rousseau, a Swiss philosopher whose ideas influenced the French Revolution. In The Social Contract, Rousseau contends that the interests of the individual and the state are one and the same, and it is the state's responsibility to implement the general will".*

> *"A totalitarian democracy, says Talmon, accepts "exclusive territorial sovereignty" as its right. It retains full power of expropriation and full power of imposition, i.e., the right of control over everything and everyone. Maintenance of such power, in the absence of full support of the citizenry, requires the forceful suppression of any dissenting element except what the government purposely permits or organizes. Liberal democrats, who see political strength as growing from the bottom up (cf: "grass roots"), reject in principle the idea of coercion in shaping  political will, but the totalitarian democratic state holds it as an ongoing imperative.*

> *A totalitarian democratic state is said to maximize its control over the lives of its citizens, using the dual rationale of general will (i.e., "public good") and majority rule. An argument can be made that in some circumstances it is actually thepolitical, economic, and military élite who interpret the general will to suit their own interests. Again, however, it is the imperative of achieving the overarching goal of a political nirvana that shapes the vision of the process, and the citizen is expected to contribute to the best of his abilities; the general is not asked to guide the plow, nor is the farmer asked to lead the troops. "* እንታይ ንምባል እየ እዚ ኩሉ ስሓቦን ጉተቶን ዝበል ዘሎኹ።

ኣብዚ በጺሕናዮ ዘለና ዘመነ ተክኖሎጂካዊ ገስጋስ፣ ህዝቢ ኤርትራ፡ ካብ ዓቢ ክሳብ ንእሽቶ፣ ካብ ሰበይቲ ክሳብ ተባዕታይ፡ ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ፣ ካብ ጸጋም ክሳብ የማን ዘሎ ኩሉ፡ ከም ዓለሙ፡ ሓዲሽ ባህርያት ኣጥርዩ ይርከብ። ልክዕ ከምዚ ናይ ኣሜሪካ /American business is business/ ዝመሳሰል ባህሊ፡ ንሱ ከኣ - ኣብ ንዓይ ይጥዓመኒ፡ ዝበል ውልቃውነት እና ዛየደ ይመጽእ ኣሎ።

እቲ ቀዳማይ ወለዶ እንተ ኾነ እውን፡ እትኾርዓሉን እትሓንክሉን ባህርያት ነይርዎ እዩ። ኣብ ኣርዑት ዲስፕሊን ኣእቲኻ፡ ምስ ቆረንካዮ፡ ሰጊድ ሰላም እንዳ በለ፡ ብምክብባር ሆይ ማርያም ሓግዝና እና በለ፡ ብወፈራ ዝተሓጋገዘ፣ ንምእንቲ ሃገር ዝሰየፍ፣ ቆራባይ ሲጋዳይ ዝኸው፡ ንስኻ ጽናሕ ኣነ ክሓልፈልካ ዝበል ክነሱ፣ ሞድሎ ኢንተ ረኺቡ ግን፡ ሓደ ሰብ ንሓደ ኣማኒኡ፡ ክሳብ ንሞት ኣሕሊፉ ዝህብ ከም ዝነበረ ዝትንክፍ ኣብነታት፡ ኣብ ጽምዶ ስራሕ ገድሊ እንክሎኹ ዘጓንፈና እንተ ዝንገረሉ ዘሕንኽ እዩ። ብድሕሪኡ እውን፡ ኣብ ከሰላ፣ ኣብ ካርቱም፣ ኣብ ኩዌት፣ ኣብ ከተማ ሮማ ዝተመኮርኩዎ ኣብነታት፣ ናይ ውርዙይ ጉቡጥሽ ኣብነት ተኺቲሉ፡ "ዝረኣናዮ ኣይ ተዛረብና"፡ ኢለ እንተ ዘይ ሓልፎ፡ ገሊኡ ንኽትኣምኖ ዘጸግም እዩ።

ሓወ/ሓብቲ፡ ኣብ ቅድሚ ዳይና ዝካሰሰሉ፣ ሓው ሓብቲ ዝሰራረቐሉ፣ ውሉድን ውላድን ዘይ ከባበሩሉ፣ ኣዕሩኽ ነዕሩኽ ዝከሓሓደሉ፣ ብጾት ንብጾት ዝፈላለዩሉ፣ መን ፈጣሪኻ እንተበልካዮ - ገንዘብ፣ ናበይ ትኸይድ እንተበልካዮ - እንዳ ዶላር፣ ስለ ምንታይ እንተ በልካዮ - ዝበለጸ ናብራ ከመሓይሽ፣ እታ ሃገርከ እንተ በልካዮስ - ንሳ ደኣ ድኻ መደኽደኽ እንድያ፣ እቲ ዝህብን ዘሃብትምን ፈጣሪ ኩሉ ዓለም፡ ጽባሕ ድሕሪ ጽባሕ ነዛ ሃገር፡ ሽሻይ ንሽሻይ ከውርደላ እንድዩ እንተ በልካዮስ - ንሎሚ ዘይ ኮነኒ ፈጣራ፡ ንጽባሕ ከኾነኒ ክጸብ ኣይ መርጽን . . . ወ.ዘ.ተ ይስዕር ኣሎ።

ስለዚ፡ እዚ ህዝቢ እዚ፡ ክጥርነፍ፣ ክሰምር፣ ክተሓጋገዝ፣ ክምእዘዝ፣ ክፈርሕ፣ ክቐንዕ፣ ክፍሪ፣ ክፋቐር፣ ኽኾርዕ፣ ክሕጎስ፣ ክነቐሕ . . እንተ ደኣ ኮይኑ፡ ፈትዩ ጸሊኡ፡ ነዛ ዲሞክራስያ እትበሃል ቀበዝባዛ ፈረንጂ፡ ቅድሚ ክምርያ ምፍታኑ፡ ከምዛ ንግርማ ላመይ ሰጥ ሰበጥ ዘበልናዮ፡ መዓንጥኡ ሸጥ ኣቢሉ፡ ንምእንቲ ረብሕኡ ከፍሪ መታን፡ ኣብ ዲስፕሊን ክቐረን ከም ዘለዎ ተደላዪ ይኸውን። እዞም ፈረንጂ ከም ዝበልዎ - Totalitariam Democracy ማለት እዩ።

ከምዚ ክብል እንክሎኹ፡ ነቶም ንመርሕ ኣሎና ዝብሉ ዘለዉ ድማኒ፡ ብንጹር ኣዘራርባ፡ እቶም ኮረኔላት፣ ጀነራላት ካልኦት ከምኣቶም ሰብ መዚን፡ መካይን ንብረት ህዝቢ እና ተጠቕሙ፡ ነቲ ህዝቢ ኣብ ተስፋ ምቕራጽ ዝግድድዎ ዘለው፡ ብዘይ ወዓል ሕደር፡ እቲ ዲስፕለን ብዝተዓጻሰፈ ናብ ኣታቶም ክውዕል ኣለዎ። ኢሳያስ ወይ ካልእ ሰብ መዚ፡ ዝወሓስዎም እንተ ደኣ ኮይኖም፡ ንሳቶም እውን ኢታ ገመድ ኣብዛ ክሳዶም። ህዝብና ዝበሳበሶ ዘሎ ስኣን ዲሞራሲያ ዘይ ኮነስ፡ ስኣን ስነ ስርዓት - ወይ ዲስፕሊን እዩ። ብዳርባ እምኒ፡ ተመልከተለይ እና በልካ፡ ከምዛ ሱዑዳውያን ዝገብርዋ፡ ኣብ ቃልዕ ክጭፍጨፉ ኣለዎም። እንታይ ዝኸውን ዲሞክራሲ እዩ ዲስፕሊን ዝጎደሎ።

ንሓደ ኤርትራዊ ዘጋ፡ ብዘይ ሕጋዊ መንገዲ ብኢደ ወናኖም ጽንጽያ ምስ ዘንፍርሉ፡ እተን ኣእዳው ከምዚ ኣብ ስዑድያ ዝግበር፡ ዝሰረቐት ኢድ ትቐረጽ። ክብርታትን ቅርስታትን ወግዕታትን ሕብረተ ሰብና ዘበላሹ በዓል መዚ፡ ከምዛ ሕጊ መንግስቲ ሱዑድያ፡ ኣብ ቅድሚ ሓፋሽ - ኣብ ኣደባባይ ብዳርባ እምኒ ይጨፍጨፍ።

## ናብ ናይ ፕረሲደንት ኢሳያስ ዝበሎ ክመልሰኩም።

ብዛዕባ ናይ መሳለጢታት በረራ ኣየር መንነፍርያታት፡ ኣብ ናይ ባጽዕን ኣስመራን ኣመልኪቱ፡ ዝዘርዘሮ ግልጺ፡ ዘሰደምም ቁልቁል ዝላፉ፡ ሕመቑ ነጊሩና፡፡ ኣገናዕ ፕረሲደንት። እቲ ዘይ ንፈልጦ ዝነበና፡ ክንፈልጦ ዕድል ስለ ዝረኸብና ድማኒ፡ ዝምስገን ኣገልግሎት ናይ ፕረሰነት እዩ - የቐንየልና።

ንሱ ከኣ ገባርን ሓደግን ከም ምኳኑ ስለ እንፈልጥ፡ ንሱ ድማኒ ኣጸቢቑ ስለ ዝኣመነሉ፡ ብሳላኡ ዝተሳእነ ስለ ዘየለ፡ ነዛ ቅዋም እትበሃል ሃንዛ፡ እኸሽና ኣሎኹ ካብ ዝበለና ጥራይ፡ ንዓመታት ዝኣክል፡ ኣፍና ማይ ምዒጉ፡ ጥራይ ዘይ ኮነስ፡ ኣብ ጥራይ

*ከብድና፡ ብጥሜት ጠራዕ ኢልና ስለ ዘሎና፡ እቶም ኣማከርቱ ዘበልኩም፡ /ገሌኹም ከምቲ ዝብልኹም፡ በዓል እኒ ህቢይ ዝርከበኩም/፡ ጸገምና ተረዲእኩም፡ ስለ ዝግሄር ኢለኩም፡  ኣብ ዝሃሉ ይሃሉ /ኣስመራ ወይ ዓዲ ሃሎ/ ብዘየገድስ፡  እዛ ቅዋም መኣስ ከቕርበልና ከም ዝኽእል፡ መልእኽተይ ከተብጽሑለይ ሕድርኹም።*

*እንተ ደኣ ከምቲ ክብሎ ዝጽንሐ፡ ንሰርሓሉ ኣሎና እና በለ ብሓንጎልና ዝጻወት ኮይኑ ግን፡ ፍጊዕ ዘብል ስለ ዝኾነ፡ እዚ ሓሳዊ ኢዚ ከኣ፡ ተባሂሉ ኪይ ጽረፍ መታን፡ ንስለ ክብረቱ ስለ ዝሐልየሉ፡ ስለ ፈጣሪኹም መልእኽተይ ከተብጽሑለይ። ናይ ሓደ ኣቦ ዜማ ሃገር ናይ ወዲ  ወዲ ገብሩ ደርፊ ተዘኪሩኒ።*

## ***ሎምስ ኣብዚሕካዮ***

*ንባዕለይ ካብ ጅብሃ ምስ ፈለልኩ /ብከም ናይ ስውእ ስዩም ሓረስታይ ቛንቛ ማለት/፡ ኣብ ሱዳን እንክሎኹ ወዲ ገብሩ ከምዚ እንክብል ዝደረፎ ዜማ ሰማዕኩ፡፡ ንዓይ ዝምልከት ኮይኑ፡ ስለ ዝተሰመዓኒ ድማኒ፡ ፈጨውጨው ክሳብ ዝብል ገይሩኒ። ድሓር ግን፡ ድሕሪ ክንደይ እዋን ዝሓለፎ፡ ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ ምሸት ተራኺብና። ንፋቶ ስለ ዝነበርና ድማኒ፡ ጽቡቕ ጌርና፡ ከምቲ ናይ ተጋደልቲ እንገብሮ ጌርና፡ ሃግ ሃግ/ጉንጽ ጉንጽ/ተወሃሂብና።*

*ዘካይዶ ዝነበረ ስራሕ ምስ ወድኤ ድማኒ፡ ነታ ተሰክፈኒ ዝነበረት ደርፉ፡ ምስጢራ ከመይ ከም ዝኾነት ከብርሃለይ ገሊለዮ። ንበይንና ምስ ገለልና ከኣ፡ እዛ ደርፍኻስ ንፋሉል ማለትካ ዲኻ ደሪፍካያ እንክብል ይሓቶ። ንሱ ድማኒ፡ ንሕቶይ ብኽብረት ምስ ተቐበለ፡ ንፋሉል ዘይ ኮነስ፡ ንመን ማለቱ ከም ዝኾነ ኣብሪሂለይ። ንመን ማለቱ ከም ምዃኑ፡ ኣነ ዝምልሾ ቁኑዕ ክኸውን ስለ ዘይ ክእል፡ ንዑኡ ሕተቱ። ተመራሚርኩም ክትግምግሙ፡ ድልየትን  ዓቕምን  ዘሎኹም እንተ ደኣ  ኴንኩም ከኣ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ኤርትራ ይነብር ከም ዘሎ እፈልጥ እየ። ተራኸብዎ።*

*ስለ እቲ ዝሃበኒ መልሲ፡ ኦፋይ!  ኢለ ገቢታ ምስ ኣስተንፈኩ፡ ምስቲ ዝፈትዎ ሓወይ፡ ሃይ ፋይፍ ተዋሃሂብና ተፈላልና። ኦይ - ሕጂ ጉድ ገይረ! እታ ደርፊ፡ እንታይ ድያ ነይራ፡ ኪይ ነገርኩኹም ዳርጋ ተሸውቲረ።*

*ናይ እታ ደርፊ፡ ምሉእ ቃላታ /lyrics/ ሕጂ ክዝክሮ እኳ፡ እንተ ዘይ ከኣልኩ፡ ሕመረት ናታ ግን ከምዚ እዩ።* “***ክጸልኣካ ደልየ ሎሚስ ኣብ ዚሕካዮ - እቲ እሙን ብጺይካ ደኣ፡ ንመን ገዲፍካዮ***” *ትብል እያ። ơh men! This guy is so deep in his voicing.*

*እንታይ ንማለት እየ። ኣንቱም ኩቡራት ህዝቢ፡ ነዚ ኩቡር ጎይታና እሳያስ ኣፈወርቂ፡ "ሎምስ ኣብዚሕካዮ ክጸልኣካ ደልየ - እታ ክብርቲ ቅዋም ደኣ ኣበይ ገደፍካየ" ክንብሎ ዘይ ምኽኣልናስ፡ ቅፍድ ቅፍድ ኣቢሉ፡ ንኮለጆ ዲራዲሮ፡ ንምእቲ ረብሓና ሓልዩ፡ ብነጻ ክንምሃር መታን፡ ኪይ ሰደና ስለ ዘይ ንደሊ ድዩ?  ካብ ነጻ ትምህርቲ፡ ኣብ ዲራዕሮ ዝሐይሽ መሰል ደኣ፡ ካልእ መሰል ኣሎ ድዩ? ወይስ ኮለጆ ናኹራ ዝበልጽ ኮይኑ እዩ?*

## ***ናይ ህበይ ነገር***

*ኣንቱም በዓል ህበይ ከኣ፡ ሰኽፍ ኪይ ብለኩም መታን፡ ከምቲ ንምክፋእኩም ኢሎም፡ ዝዛረብልኩም ኣይ ኮንኩምን። ምኽንያቱ፡ ህበይ ከም ለባም፤ ወኻርያ ከም ሓሳዊት መጣቕሲት፤ ዝብኢ ከም ሃርጋፍ ፈራሕ፤ ወዓግ ከም ኣላጋጺ፤ ነብሪ ከም ተሓናፋጢ፡ ኣምበሳ ከኣ ከም ጅግና፡ ኣድጊ ከኣ፡ ከም ሓደ ቡሩኽ ምእዙዝ ሰራሕተኛ፡ ገቢርና ስለ ንፈልጦም። ክልተ ሓቅታት፡ ብዛዕባ ህበይ ብኸምዚ ይዝረበላ እዩ።*

*1. እዛ ህበይ እትብሃል ፍጥረት፡ ክሳብ ክንደይ ጥንቅቕቲ ከም ምዃና ይዝረበላ እዩ። ክትድቕስ እንከላ፡ ሰማይ ኪይ ወድቃ መታን ስለ እትፈርሕ፡ መታን ንኽትከላኸል ኢላ፡ ኢዳ ንላዕሊ ኣቢላ፡ ኣንቃዕሪራ እያ ትድቕ ይበሃል።*

*2. ኣብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ከኣ፡ ወያ እዛ ህበይ፡ ኣውረርያ ስለ ዝነበረት፡ ካብ ቛሩፍ ዓጋም ዓንጊጋ ከተውርድ ምስ ተመጣጠረት፡ እታ ረጊጻታ ዝነበረት ጨንፈር ሰለ ዝተጀልዔት፡ ወያ ህበይ መስኪነይቲ፤ ሃው ኢላ ንገደላ ጸደፈት፡፡ ኣብ መዓት በላሕቲ ኣእሻኽ ዝመልኦ፡ ስብርባር ንቑጽ ዓጋም ዓለበት። ካብዚ ጸገም እዚ ክትወጽእ፡ እንዳ ኣእወየት ዕንክይክይ ክትብል እንከላ፡ ሕያዎት ሓለፍቲ መንገዲ ደቂ ዓዳ፡ ይሰምዓ እሞ፡ እናገየያ መጽኤን ይረድኣ። ዋይ'ዛ ሓብትና ህበይ፡ ኣዴኺ ትደፋእ፡ እንታይ ወረደኪ እና በላ፡ ካብቲ ወዲቓቶ ዝነበረት፡ ሳምብሳምቦ ኢለን ኣልዒለን ያውጽኣኣ። ብምሉኡ ኣካላታ እሾክ ንእሾ ተዘሪእዎ ስለ ዝነበረ፡ ኣብ ሓደ ጥጡሕ ቦታ ኮይነን፡ ነቲ ኣእሻኽ ከውጽኣላ ምስ ፈተና፡ ከምዚ እንክትብል ተዛረበተን።*

*ኣትን ብሩኻት ኣሕዋተይ፡ እንቋዕ ደኣ፡ ካብታ ዝነበርኩዋ ጸድፊ፡ ኣውጻእክናን እምበር፡ ነዘን ኣብዛ መቕመጫይ ዘለዋ ኣእሻኹ ጥራይ እንተ ደኣ ኣውጺ እክናለይ፡ እቲ ዝተረፈ ግን፡ ኮፍ ምስ በልኩ፡ ቀስ እና በልኩ ባዕለይ ከውጽኦ ይኽእል እየ በልተን ይበሃልል። ለባም ህበይ። ልክዕ ከም ኤርትራ።*

*እቶም ንመንግስቲ ኤርትራ፡ ሓንሳብ ከም ሰሜን ኮርያ፤ ሓንሳብ ከም መንግስቲ ወረበላ፤ ሓንሳብ ከም መንግስቲ ናዝራውያን፤ ሓንሳብ ከም መንግስቲ ሃሱሳት ሓማሽን፤ ሓንሳብ ከም መንግስቲ ወዲ ጓል በራድ፤ ሕጂ ከኣ ከም መንግስቲ ዓዲ ሃሎ፡ ብምባል ዘወዳድርዋ ዘለው፡ ምስ ህበይ እንተ ዘወዳድርዋ፡ ምቐለሎም ነይሩ።*

*ኤርትራ ከኣ ከምዚ ምበለቶም። ዝበልኩም እንተ በልኩም፡ ጸገመይ ባዕለይ እየ ዝፈልጣ። ሳላ እቶም ምሩቓት ደቀይ፡ ኣብ መቕመጫይ ዝነበሩ ኣእሻኽ፡ ደኣ እዮም ወጺኦምለይ ዘልው እምበር፡ እቶም ኣብ ምሉእ ኣካለተይ፡ ተዘሪኦም ዘለው ኣእሽኽ ግን፡ እንቋዕ ደኣ ኣብ መቕመጫይ፡ ኮፍ ክብል ከኣልኩ እምበር፡ ዋላ ዝወሰደ ይውሰድ ግዞ፡ ቀስ እና በልኩ፡ ከውጽኦ እየ ምበለቶም። ኤርትራ፡ ናይ መቕመጨኣ እሾኽ ደኣ እዩ፡ ወጺኡ ዘሎ እምበር፡ ካልእ ኣካላታስ፡ ጌና ብኣሻኹ እዩ ዘሎ። እሾኽ ከውጽኡ ዝኽእሉ ሰብ ወረጦ ደኣ እያ ዘድልያ ዘሎ እምበር፤ ፈጨቕጨቕ እንዳ በለት እንከላ፡ እዛ ቆሳል እዚኣ፡ ሎሚስ ዝተረፉ ኣይ ብላን፡ እና በለ ዝበኽየላ፡ መድሓኒኣ ኣይ ኮነን።*

*ናይ'ዚ ሰብ እዚ /ኢሳያስ/ ከመይነት - trait፡ ድኽ ዝበለ ትምህርታዊ ፍተሻ እንተ ዝግበረሉ፡ ንምማይ ነገራት ዝምልከት፡ ንሱ - ልዕሊ'ቲ ናይ ናትና ማእከላይ ብልሒ ገምጋም - average፡ ኮይኑ ምጸንሐ ዝብል፡ ዝንተ ሞነት ናተይ እዩ። ይፈላሰፍ ደኣ እየ ዘሎኹ እምበር፡ ሓቀይ ከም ኮይኑ እኳ እንተ መሰለኒ፡ ፍልስፍናይ ቁኑዕ እዩ ማለተይ ግን፡ ከም ምኳኑ ኣይ ሕብርን። ኣይ ትሓዞለይ፡ ኣዝየ ኣላጊሰ ስለ ዝጸናሕኩ፡ እቕሬታ እና ሓተትኩ፡ ኣብቲ ቀንዲ ዛዕባይ ከመልሰኩም።*

## ***ጆኦፐለቲኮ***

*እቲ ኣብ ሞንጎ ሓያላት ሃገራት ርእሰ ማላውያንን ዴሳውያንን፡ ከም እንደገና፡ ናብ ሩሱን ተፋጠጥ ጀሚሩ ዘሎ ጓህሪ፡ ንበይኑ ዓይነቱ እዩ ዝመስል ዘሎ። ደምደም ዝጨንዉ፡ ሑሉፋት ኣስላማውያን ቀተልቲ፡ ተዘሪኦማ ዘለዉ ዓለምና ከኣ፡ ኣብ ኩፍእ ወጥሪ በጺሓ ከም ዘላ፡ ቁዱሳት መጻሕፍቲ፡ ተነቢየሞ ዝነበሩ ክስተት ይመስል። ኣብ መጨረስታ ሰዓት፡ ውግእ ኣብ ሞንጎ ቅድስናን ኣረሜንነትን - ኣርማጌዶን፡ ዝካየደሉ እዋን ተበጺሑ ከም ዘሎ፡ ይእምት ጥራይ ዘይ ኮነስ፡ ምስኡ ዝዛመድ ትንቢት ድማኒ፡ ንካልኣይ እዋን ምልሶት ናይ ክርስቶስ፡ ይቃረብ ከም ዘሎ ይመስል:: ኣነስ፡ ሕጂ ከይ ከውን፡ እንዳ ተሸቑረርኩ እየ - እቲ ምንታይሲ፡ ስለ ዘይ ተቐረብኩሉ ወይ ዘይ ተናሳሕኩሉ።*

*ንሃገርና ዝምልከት እምበኣርከስ፡ ብወገን እቲ መንግስቲ ይኹን፡ ብወገን እቶም ተቓወምቲ፡ (ክልተ ዘይ ተዳረግቲ ሓይልታት፡ እኳ እንተ ኮኑ) ነዚ ዝንህር ዘሎ ህውጽ ዝኾነ፡ ሓዲሽ መቐይሮ እዚን ሳዕቤናቱን፡ ተረዲኦም ከመዓራረዩ እንተ ዘይ በቒዖም፡ ኩነታት ንባዕሉ፡ ካብቲ መስርሕ ናቱ መዝሒቑ፡ ንጎድኒ ከዋስኖም ወይ ክጉሕፎም እዩ።*

*እቲ መንገስቲ ብወገኑ ብፍላይ፡ ውሽጣዊ ጸገማቱ፡ ከም ዘለዎ ዋላ፡ ይሃሉ  ደኣ እምበር፡ ምስ እዚ ዝተባህለ ሓዲሽ መቐይሮ፡ ዓይኑ ከይ ሓሰየ፡ ተጣጢኡሉ ወይ ተመዓራርይሉ ይርከብ። እህናይ ደኣ! ሎሚ እንቋቑሖ፡ ንዓመታ ከኣ ደርሆ፡ ከም ዝተባህለ። ሎሚ ወርቂ፡ ንዓመታ ፖታሽ። ሳላ ኩሉሉ ብርኪ ተተኺሉ፡ ኣካሒዳ ምሉቕ ኢላ ከይዳ፡ ክበሃል ደይ ኮነን? ሳላ ዝተተሰፎና።*

*እዛ ሃገር፡ ብተስፋ ናይ ህዝቢ፡ ዝተረኽበት ምድሪ እምበርያ !። መሬታታ ዓቖርሞ ንዝጸንሑ፡ ትሕዝቶ ማዕድናታ ከኣ፡ ኣብ ዝብንቆሩሉ እዋን፡ ተበጺሑ ከምዘሎ ንሰምዖ ስለ ዘሎና፡  ንኹሉ እንቋዓነይ ኣርከብናሉ። ኣቦና፡ "ሕተቱ ከወሃበኩም፡ ኳሕኩሑ ክኽፈተልኩም" ከም ዝበለና መጠን፡ ጸሎት ናይ እቶም ትስፉዋት ኣመንቲ፡ ሰማይ ዓሪጉ፡ ተስፋታት ኣቀላቒሉ ኣሎ።  ተስፋ ሓይሊ'ዩ፤ ተስፋ ጽንዓት'ዩ፤ ተስፋ ቀጻልነት'ዩ። እቶም ተስፋ ቀበጽ ግን፡ እዛ ሃገር ድሮ ጠፊኣቶም እያ።*

## ***ዘበታዊ ጠራዕራዕ - Local Input***

*ጽልዋታት ናይ እዚ ዝንህር ዘሎ ዘይ ሁዱእ ዝኾነ፡ ዞባውን ኣህጉራውን ግህዶ፡ ንዘቤታዊ ኩውንነት ሃገርና፡ ብቐጥታ ይጸሉ ብምህላዉ እዩ። ብመጠን ናቱ ከኣ፡ ኣብ ልዕሊ  ኣራኣእያ እቶም ብሃገርና፡ ንስከፍ ዘበልና ተወከፍቲ ዘጋታታ፡ ከም እንጣጢዕ ጠራዕራዕ የብለና ኣሎ፡፡ ናተይ እም ከኣ፡ ሕልፍ ዝበለ እዩ። እዚዶ ደይዚ፡፡ ኣብ ክንዲ ዝድቕስ - ኮርታሕ ምስ ኮምፒተር። ብርኽቲ ጓል ከቡራት ዓበይቲ ስድራ፡ በዓልቲ ቤት፡ ስለ ዝተዓደልኩ ደኣ እምበር፡ ካልእ ነይራትኒ እንተ ትነብርሲ፡ ቀደም ብእዋኑ፡ ምንሓፈትኒ ነይራ።*

ንምንት ምንታይ ክሳብ ክንድዚ? ናይታ ሃገር ስኳ ብዓቢኡ ኮይኑ፡ ንምእንቲ ኢታ ብናፍቐት ዝሓረራ ዘሎኹ፡ መዳሕንተይ ዝተቐብራ፡ ምጭውቲ ዓደይ ምለዛናይ እንክብል ጠራዕራዕ እብል፡፡ ሻዕብያ ግን ኢዶም ኣይ ስኣኑ፡ ንዓታቶም ኣነ ወዲ ጀብሃ ደኣምበር፡ ወዲ'ታ ክብርቲ ወላዲተይ፡ ዓዲ ምለዛናይ ኣይ ኮንኩን። ኣነ ንዓታቶም ናይ 2% ዋጋ ዶላር እየ።

እቶም ብቓልዕ ክገልጽዎ ዘይ ደልዩ ሰብና፡ ምንም እኳ ስቕተኛታት እንተ መሰሉ፡ ሓደ ብሓደ ምስ ኣቶም፡ ከተዕልል እንክሎኻ ግን፡ ካብ ማንም ስነ ጽሑፍ ዘይ ትረኽቦ፡ ባንካ ናይ ሓበሬታን ትምህርትን፡ ኮይኖም ትረኽቦም። ካብ ንባብ መጻሕፍትን፡ እዋናውያን ጽሑፋትን ዝርከብ ሓበሬታ፡ ዝያደ ሓሊፎም እዮም፡ ምስ ማዕዱኡ ዘስንቑኻ። ነዚ ኣቶምን ዝኸምዚ ኣቶምን ከኣ እዮም፡ እቶም ዘርጋሕቲ ወረ፡ "ካብ እሙናት ምንጭታትና" ዝረኸብናዮ ሓበሬታ እና በሉ "ክብሪ ወነንቲ ሓቤሬታ" ከይ ሓለዉ ዝምዝምዙ። ግልብጥ ኢሎም ድማኒ፡ ኣብ ጉንዲ-ጉንዲ ዓይኖም፡ ከጨልግሙዎም ኣይ ስከፉን። ብኸምዚ ዓይነት፡-

- እዚ ህዝቢ እዚ ንመሰሉ ክሓትት ዘይበቅዕ ጉዙእ ወይ ወሸላኽ እዩ፤
- እዚ ህዝቢ እዚ ፈራሕ እዩ፤
- እዚ ህዝቢ እዚ ተማእዛዛይ ሻዕብያ እዩ፤
- እዚ ህዝቢ እዚ፡ ኣብ ዘዝመጸ በዓላት፡ ዝስዕስዕ ደኣ እምበር፡ ሓደ ከም ወዲ ዓሊ፡ ዝገብር የብሉን፤ . . . ወ.ዘ.ተ. እንክብሉ የሕስርዎ። ነዚ ህዝቢ እዚ፡ ብኸምዝን ዝኸምዝን ካብ ገለጽክም፡ ንስኻትኩምከ መን ፈጠረኩም ተባሂሎም ክሓቶም ዝደፍር ዜጋ፡ እንተ ዝርከብ፡ መልሶም ከመይ ከም ዝመስል ክሰምዕ ህንጡይ እየ።

ነቶም ሰብ መደብ ሓቂ ብጋህዲ፡ ኣተሓሳሲብዎም ዘለዉ ስኽፍታት ከኣ፡ "ህዝቢ ኤትራ ተዋጋኣይ ደኣ እምበር ኣመሓዳራይ ኣይ ኮነን" ዝበል ኣበሃህላ ኣተኣታትዮም። ከምኡ ድማኒ፡ ንመሰሉ ክሓትት ዘይ ደፍር፤ ፈራሕ፤ ተማእዛዛይ ህዝቢ፡ ተባሂሉ ከም ዝግለጽ ጌሮም ኣግሂዶም። እዚ ንባዕሉ ንዓታቶም ሓቂ ክኸውን ይኽእል ይኸውን። ይኹን ደኣ እምበር፡ እቲ ናታቶም ሓቅነት ኢሎም ኣብ ኣእምሮኦም ዝቐረጽዎ: እንተ ደኣ፡ ኣብ ኣረኣእያ ኩሉና ኤርትራውያን፡ ካብ ጠረፍ ንጠርፈ ዝዓምም - universality፡ ሰፊር ዘሎዎ ምስ ዝኸውን፡ ሽሕ ኣሽሓት ከም ኣቶም ይወለዱ። ኣነ ግን፡ ክሳብ ዘረድኡኒ የሎኹላን - ኣብ ዘይ መንጠቢተይ፡ ኣየእቱን ኢደይ።

እዚ ንባዕሉ ኣገራሚ ዝኾነ፡ ከቢድ ገምጋም እዩ። ንሳቶም ንባዕሎም፡ ዘይ ከም ፈራሕ ህዝቢ ኤርትራ ኮይኖም፡ ድምብርጽ ከይ በሎም ንዝድሕድሕዎ ዘሎዉ ሕቶታት፡ ደኣ እሞ፡ ካብዚ ፈራሕ ህዝቢ ኣይ ተወልዱን ማለት ድዩ?

እቲ ኩሉ ተቓዋማይ እየ በሃሊ፡ ጠርናፊ ዘይ ብሉ ፋሕ ብትን ዝበለ ደኣ ይኹን እምበር፡ ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዝቑጸር፡ ሆ እናበለ ዝቃወም ዘሎ፡ እቲ ፍርሒ ኣበይ ኣቐሚጡ እዩ፡ ኣብ ቅድሚ ካሜራ ክሳብ ባንዴራ ኤርትራ ዘቃጸለ? ሀይ! ሀይ! ህዝቢ ኤርትራ ደኣ፡ ንመሰሉ ካብ ምሕታት ፈሪሑ፡ መኣስ ዓሪፉ ይፈልጥ?

መን ድዩ ከቢረ? መን ድዩ ኢብራሂም? መን ድዩ ሳበ? መን ድዩ ኢሳያስ? መን ድዩ ወልደኣብ? መን ድዩ ባህታ ሰገነይቲ? መን ድዮም ኣብ ዒራ ዒሮ ዝተሸመሙ? መን ድያ ሓብቲ ለማ? መን ድዩ ዓብደላ? መን ድዩ መልኣከ? መን ድዩ ኢብራሂም ዓፋ? መን ድዩ ሳልሕ? መን ድዩ ኣለም? መን ደዩ ቀለታ ኪዳነ? መን ድዩ ተስፋልደት ኣዝማሪና? መን ድዩ ዓሊ ሳልም? መን ድዩ ዮሴፍ? . . . ወዘተ፡ ጥምሖታቶም ብዘየገድስ፡ ይግበኣና ንዝብልዎ መሰላት፡ ከመይነቱ ብዘየገድስ፡ ፈራሓት ድዮም? ሕጹባት መዓንጣ ኮይኖም ንዘካይድዎ ዘለዉ ሃልክስ . . . ኣካል ህዝቢ ኤርትራ ኣይ ኮኑን ማለት ድዩ? ኣንቱም መደብ ሓቂ ብጋህዲ፡ ይስዕረኩም ደኣ ከይ ህሉ?

እንተ ደኣ ነቶም፡ ብዕድመ ዝቖንቆኑ ሓለውቲ ጽጡሕ፡ ኣብ ጎደናታት ወጺኦም፡ መታን ንዓና ክጥዕም እንክብሉ፡ ንፕረሲደንት ኣብ እግሩ ወዲቖም፡ ነጻ ናይ ኣየር ትኬት፡ ክሰደልና ዘይለመንዎ ማለት ድዩ? ነን ዝተቓወመ ህዝቢ፡ ፋሕ ብትን ዘብል ዘሎ መን ድዩ?

ንእንብሎ ዘበለ ኩሉ፡ ምራል ዘበርኽ እንተ ደኣ ዘይ ኮኑ - ንዓይ: ከም ሓደ ስንቂ ዝወድኤን ተስፋ ዝቐበጸን ዝዓይነቱ እንጽርጽሮት፡ ከም ኮይኑ እዩ ዝስመዓኒ። ካብ ኩሉና ዘይ ሰወር፡ ብዙሕ ጸገማት እኳ እንተ ሃለወና፡ ህዝቢ ኤርትራ፤ ብኸመይ ዝኣመሰለ ከይዲ፡ ንዝደለዮ ከም ዝረኸበን፤ ብኸመይ ከቕጽሎ ከም ዝኽእልን፡ ልዕል ኢለ ዝተንከፍክዎ ዛዕባ ዲስፕሊን ተመልከቱ።

*ቅያ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ፡ ሳላ ኣጠቓቕማ ዲስፕሊናዊ ወይ ኣማእዛዚ መስርሕ ይከናወን። ብኻልእ ኣበሃህላ - ጥርኑፍነት እዩ። መሰል ብዘይ ጡርኑፍነት፡ ንዝጽውዕ ዕግርግር እዩ፡፡ መሰልና ንኽንሓትት - ቅደም ቀዳድም ንጠርነፍ። እንተ ዘይ ኮኑ፡ ከም ሽላ ንኣፉ ራውያ ንኣፉ ማለት ኢና።*

*ንሓደ ነገር፡ <u>ሓቅነቱ</u> ምስ <u>ቁኑዑነቱ</u> ማዕረ ማዕረ ይኹን ኣይ ይኹን ኣዋዲቕና፡ ኣብ <u>ሓቅነት</u> ጥራይ ብምምርኳስ፡ ንዝኾነ ጥረ ነገር፡ ጋህዲ ስለ ዝገበርናዮ፡ ክንዲ ሓንቲ ልሕጺ እትኸውን፡ ሽልማት ከሽለምና ኣይ በቅዕን። ሓቅነት ማለት፡ ተዛማዲ ደኣ ከይ ከውን? ብኻልእ ኣበሃህላ፡ ቁንጅና ብናይ መን ዓይኒ?*

*ኣብ ሞንጎ /ሓቅን/ /ቁኑዕን/ ዘሎ ፍልልይ: ከይ ተገንዘብና ጥራይ፡ ንእንበጽሖ መደምደምታ፡ ኣተሓታቲ ክኸውን ይኽእል እዩ። ምኽንያቱ፡ ርሑቕ ከይ ሃውተትኩ፡ "ሓቂ" ማለት ዝተፈጸመ ወይ ዝወዓለ ነገር - fact or truth እዩ። እቲ <u>ሓቂ</u> ግን ኩሉ ሳዕ <u>ቁኑዕ</u> - righteous እዩ ማለት ክትብሎ: ኣሸጋሪ ይኸውን። ምኽንያቱ፡ ገሊኡ /ሓቂ/ ዘይ /ቁኑዕ/ ክኸውን ስለ ዝኽእል። ብኻልእ ኣበሃህላ፡ ኣብነት ምጥቃስ ይቐልል።*

*ሀ) ከም ናይ USA ገበናዊ ሕጊ ዝበጽሖ፡ ንሓደ ገበነኛ ሰብ፡ እቲ ዝለዓለ ፍርዲ፡ ክሳብ ሞት የብጽሕ፡፡ እዚ ሓቂ ድዩ? ንUSA እወ። እዚ ቁኑዕ ድዩ? ከከም ኩነታቱ ይዛመድ - relativity.*

*ለ) ከም ናይ ገለ ካልኦት ዓለማት ሕጊ ዝበጽሖ ድማኒ፡ ንሓደ ገበነኛ ሰብ: እቲ ዝለዓለ ገበናዊ ፍርዲ፡ ክሳብ ሞት ኣይ በጽሕን። እዚ ሓቂ ድዩ? እወ። እዚ ቁኑዕ ድዩ? ከከም ኩነታቱ ይዛመድ - relativity.*

**ሐ)**




*ኣብ ሱዑዲ ዓረብ፡ ንሓንቲ ኣንስተይቲ፡ ካብቲ እታ ሃገር እተፍቅዶ ሕጊ/ሓቂ/ ወጻኢ፡ ስጋዊ ርክብ ምስ እትገብር፡ ኣብ ኣደባባይ ብዳርባ እምኒ፡ ክሳብ ትመውት ትጭፍጨፍ። እዚ ሓቂ ድዩ? - እወ። እዚ ቁኑዕ ድዩ? ንህዝቢ ሱዑድያን እታ ሃገርን፡ ቁኑዕ እዩ። ንኻልኦት ዓለማት ግን ቁኑዕ ኣይ ኮነን። ንፈጣሪኺ ቁኑዕ ድዩ? ምናልባሽ። ብኸመይ? ኣይ ትዘሙ ዝብል ትእዛዝ ፈጣሪ ስለ ዘሎ። ዘማዊ ከኣ ሓጥኤተኛ እዩ። መቕሳዕቱ፡ ብኸምዚ ናይ ሱዑድያ ሕጊ፡ ቁኑዕ ድዩ? ምናልባሽ። ነቶም ነዚ ጉዳይ እዚ ዝምልከቶም ሰብ ሞያ፡ ተማእዘዝቲ ፈጣሪና ኢና ዝብሉ፡ ክገድፈሎም ይመርጽ።*

*ሰብ እዚ ርጉም ሰብ፤ ኣብዛ ከባብ "ዓለም፡ ትሽዓተ ዘይ ትመልእ ዓሰርተ"፡ ብኸመይ ይነባበር ከም ዘሎ፡ ከይ ኣዛመደና፡ ሰብ ሓቂ ክንከውን ምስ ንፍትን፡ ኣዓርዩ ክልሕኮና እዩ። ምናልባሽ ክንሕገዝ ምስ ንደሊ ድማኒ፡ እዛ ንርእያ ዘሎና ስእሊ ናይ <u>ልዕልቲ ሱልጣና</u> እዩ። ንሳ ሓንቲ ካብቶም ሃጸያውያን ነገስታት ስድራ ሱዑድያ እያ፡፡ እንታይ ከም ዘርኣያ ግን፡ ኣብ ከመይነት ንጉሳዊ ስድራ ዝምልከትን፡ ሕብረሰበ ሱዑድያን ኣተኩራ፡ ክልተተ መጻሕፍቲ ንዘበርከተቶ ክትውከሱ የተባብዕ :-* ***Princess : A True Story of Life Behind the Veil in Saudi Arabia***

*እዛ ጀግና ልዕልቲ እዚኣ፡ ብድሕሪ መጋረጃ፡ ጸልማት ተኸዲና፡ ዘበርከተቶ ስራሕ ምስ ነበብክዎ፡ ሰብ - ኣብዛ ዓለም እዚኣ፡ <u>ሓቂ</u> እዩ ንዝብሎ ነገራት፡ ክሳብ ክንደይ ተፈላላዩ ከም ምዃኑ ተማሂርናሉ፡፡ <u>ቅንዕና</u> ብጋህዲ ደኣ እዩ ጠርጋግ - straight - እምበር፡ <u>ሓቂ</u> ብጋህዲ ግን: ለምባእ ተወሳሳባይ -wiggly- ከም ምዃኑ ይሕበር። ስለዚ፡ <u>ሓቂ</u> ብጋህዲ ማእት፡ <u>ቅንዕና</u> ብጋህዲ ማለት ስለ ዘይ ኮነ፡ እንተ ደኣ ፎኑ ተገዲፉ ከኣ፡ ሓደገኛ ተባራዓይ ክኸውን ከም ዝኽእል፡ ዝተመኮርናሉ ነገራት መሊኦም ኣለው። ንጸጥታውን፤ ክብራውን ሓደ ህዝቢ፡ ብኣሉታ ዝነክእ ሓቂ፡ ካብ ረብሕኡ ክሳራኡ ዝበጽሕ ከም ምዃኑ ንህመል እንተ ደኣ ኳና - ጉድኣት ክህልዎ እዩ። እዚ ኩሉ ኢቃወም እየ ዝበል ዘሎኹ፡ ሓቂ መሲሉ ንዝተራእዮ እዩ ብጋህዲ ዝድሕድሖ ዘሎ። ካብ ጥቕሙ ድማ ጉድኣቱ ይብርክት ከም ዘሎ ንዕዘብ ኣሎና።*

*ስለዚ እምበኣርከስ፡ እዘን ተጠቒሰን ዘለዋ ስለስተ ሓቅታት፡ ኣየነይተን እያ እታ <u>ቅንዕቲ?</u> እቲ ቀንዲ ወሳኒ፡ <u>ቅንዕና</u> ደኣ እምበር፡ <u>ሓቅነት</u> ከም ዘይ ኮነ ርኢና ኣሎና። ኣብ ክልተ <u>ቅንዕናታት</u> - ናይ ፈጣርን ናይ ሰብን ንዝምልከት ድማ እስከ ንገንዘብ።*

*እቲ ፈጣሪ ዝበሎ ዘበለ ኩሉ፡ ብዘይ ሓደ መንቅብ፡ <u>ቅኑዕ</u> እዩ። እቲ ሰብ ዝበሃል ናይ ፈጣሪ ፍጡር ግን፡ <u>ቅኑዕ</u> እዩ ንዝብሎ ፈጠራ ፡ ምስ ክንደይ መንቅቡን ሕርኽርኻቱን፡ ከም ኩነታቱ እና ተዛመደ ዝሰርሕ መስርሕ ጥራይ እዩ። ስለዚ፡ ብሕልፊ እቲ ንጉዳይ ህዝቢ ዝምልከት ፖለቲካ፡ መደብ <u>ቅንዕና</u> ካብ መደብ <u>ሓቂ</u> ብልጫ ስለ ዘለዎ፡ ብኽብረትና እቶም ወስ ክንብል*

እንኽእል ዘበልና ኩሉና፡ ኣብ መደብ ቅንዕና ከነድህብ። እንተ ዘይ ኮኑ፡ ኣብ መደብ ብቲቢቶ ዘራጊቶ ከይ ነንሻቲት ወይ ነንደልህ ምጥንቃቕ።

ኩልና እቶም ንሓደ ዛዕባ ኣመልኪትና፡ ንእ ንመጻደቒሉ ዘበለ መልእኽቲ፡ ሓቅነት ከህዎ ዝኽእል እኳ እንተ ኾነ፡ ብተዛማድነት ግን፡ ፍሩስ ክኸውን ስለ ዝኽእል፡ ድንግልና ቅንዕናና ፈራስይ ይኸውን።

ኣብታ ጸላም ዓይና፡ ኣንቁር ኣቢለ ክዛረበላ እንተ ደኣ ኮይነ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ፡ ከም ሻዕብያ ወይ ህግድፍ እልና ነነኣእሶ መንግስቲ ኤርትራ፡ እቲ ተታሓሒዝዎ ዘሎ "ገጂፍ ስእላዊ ዕማም"፡ ኣብ ኣደማድሙኡ ግን፡ ኣፍራይ ክኸውን ስለ ዝኽእል፡ በቲ ዝሓልፎ ዝነበረን ዘሎን፡ ናይ ጉድለታት ሓቂ፡ ጥራይ ዝግምገም ኣይ ኮነነ። ቅንዕንኡ፡ ኣብ ናይ ሎምን ጽባሕን እዋናዊ መስፈሪ ዝምርኮስ ዘይ ኮነስ፡ ኣብ ናይ ነዊሕ እዋን ኣፍራይነቱ ዝምርኮስ ስለ ዝኾነ፡ ጠመተና እንተ ኣማዓራሬና፡ ክፈኹሰና ይኽእል እዩ። ድሓር ከኣ፡ ንጋልሌዮ ዝወረዶ፡ ሕሰረትን ክብርን ዘይ ምዝንጋዕ፡

ኣብ በለካን ለኽዓካን / heresy / ተመርኲስና፡ ካባና ንላዕሊ፡ ሕልፍ ዝበለ ራእይን ዓቕምን፡ ንዘለዎም ሰባት ወይ መስርሕ፡ ካብ ምጉዳም፡ ክንጥቀቕ መታን ክንሕገዝ፡ ናይ እዞም ሰለስተ ፍላስፋታት ታሪኽ፡ ምውካስ ከድልየና እዩ። እንተ ዘይ ኮይኑ፡ ተስፋ ቀበጽ እዩ።

- 1) ናይ Albert Einstein relativity theory ማለትሲ፤ ወሳኒ ህላወ፡ ክብርን ጽቡቕነትን፡ ናይ ሓደ ፍጥረት፡ ምስ ናይ ካልእ ወገን፡ ኩነተ ህላወ፡ ተዛማዲ ይኸውን ይብል። "the state of being dependent for existence on or determined in nature, value, or quality by relation to something else፡
- 2) ናይ Sir Isaac Newton ኣምር ከኣ፡ ክልተ ቆሳቑስ፡ ነንሓድሕዶም ዝሰሓሓቡሉ/ዝመራረኸሉ ሓይሊ "ግራቪቲ" ዝበሃል ኣሎ። "two objects exert a force of attraction on one another known as - gravity"
- 3) Galileo Galilei፡ ዓለም ደኣ እያ ኣብ ዙርያ ጸሓይ ተንከብክብ እምበር፡ ጸሓይሲ ኣይ ትቀሳቐስን እያ ብምባሉ፡ ኣንጻር እምነት በተክርስቶስ ከም ኮይኑ ስለ ዝተወንጀለ፡ ኣይ ተረሸነን ደኣ እምበር፡ ብገበን ተኸሲሱ ተኣሲሩ። ደሓር ግን፡ ቅንዕንኡ ሓቂ ኮይኑ፡ ስለ ዝተመስከረ ሓራ ወጺኡ። ራእይ ሻዕብያኸ?

ነዛ ነጥቢ እዚኣ፡ ኣሕጽር ኣቢለ ከማስዳ እንተ ደኣ ኮይነ፤ ኤርትራ . . .

- ካብ ዕንወት ናብ ነጻነት፤
- ካብ ነጻነት ናብ ህንጸት

ትሰጋገረሉ ኣብ ዘላቶ መሳልል - bridge፡ ሕልኽልኻቱ ጥንግናግ እዩ። ነዚ ኩነተ ህላወ እዚ፡ ኣዳቒቕም ዝርድኡ ፡ ካብዞም ሕጂ ዘመሓድርዎ ዘለዉ ፍላስፋታት፡ ዝሕሹ ክሳብ ሕጂ ዝተራእዩ መራሕቲ የልውን። እቶም ካልኦት ግን፡ ነዛ ሀገር፡ ኣብ ዝገደደ መዋጥር፡ ከእትውዋ ከም ዝኽእሉ፡ ፍልልያቶም ጥራይ ዝምስክሮ ዘሎ ሓቂ እዩ። ፍላስፋታት ሻዕብያ፡ ኣብቲ ናይ መወዳእታ ምዕራፍ፡ ምናልባሽ ናይ ኤርትራ ጋልልዮታት፡ ክኾኑ ይኽእሉ ይኾኑ።

ንሳቶም፡ ኩሉ ዝገብርዎ ዘለው ኩፉኡን ጽቡቑን፡ ሓቂ እኳ እንተ ኾነ፡ ኩሉ ግን ዘይ ቅኑዕ ክኸውን ኣይ ክእልን። ናይ ብዙሕ ብዙሓት ጌጋታት፡ ከም ዘለዎም ንባዕላቶም ዝእመንሉ ዘለዉ ሓቂ እዩ። ክሳብ ሕጂ፡ ሓለፍቲ ገድሊ ዝነበሩ ይኹኑ፡ ሎሚ መራሕቲ ተቓውሞ ዘለው፤ ከምኡ ድማኒ ሓለፍቲ ስረሓት መንግስቲ እውን፡ ተጋጊና ነርና እሞ፡ ካብ ጌጋና ተማሂርና፡ ክንእርሞ ኢና ኢሉ ዝተዘረበ፡ ብዘይካ ሓደ እዚ ፕረሲደንት እዚ፡ ሰሚዔ ኣይ ፈልጥን። እቲ ጌጋ ግን፡ ብቕዳምነት ንዑኡ ዝምልከት፡ ካብ ምኧኑ ሓሊፉ፡ ናብ ካልኦት ክሰጋገር ኣይ ክእልን። መዋጽኦ ክረኽበሉ ድማ እዝግሄር ይሓግዞ።

ነዚ ክብል ዘብቅዓኒ ምኽንያት፡ ንስለ ቅንዕና ደኣ እምበር፡ እቲ ሓቂ ግን፡ ከም ሃገራዊ መጠን፡ ንዓይ ዝግበኣኒ መሰል ዝተሓረምኩ ሓርበኛ እየ። ውዒሉ ሓዲሩ ግን፡ እንተ ደኣ ደው ኢለ ጸንሔ፡ መሰለይ ተሓልዩለይ፡ - ካልእሲ ይትረፍ - ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ከም ዝዓርፍ፡ ዕድል ከም ዘሎ ተስፋይ ኣይ ጽንቅቕን። ጠመተይ፡ ኣብ ናይ ርሑቕ ተስፋ፡ ደኣ እምበር፡ ኣብ ናይ እዋናዊ ሕምስምስ፡ ኣይ ምርኮስን። ዋላ'ኳ ጉሁይ እንተ ኾንኩ - ኣየንጸርጽርን። ዋላ'ኳ እንተ ሓሰመኒ - ተስፋይ ኣይ ጽንቅቕን። ዋላኳ ኣይ ዓግብ፡ ይቃወም ደኣ እምበር - ኣይ ጸረርን።

ህዝቢ ኤርትራ ሎሚ፡ ይጥመ ይዕበር፤ ይዕረቕ ይጽማእ፤ ይሕሰም ይጭነቕ፤ ይጸረፍ ይተሓመ፤ ይሰደድ ይከላበት . . . ጌና ምስ ህንጸት ሃገር እና ተሃላለኸ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ ዘመን፡ ንራህዋ ገጹ ደኣ እምበር፡ ንባርነት ሻዕብያ ስለ ዘይ ኮነ፡ እቲ ዓምዓሞ እንዳ ተራእየ እዩ።

*ዋይ ዋየ! ሓንቲ ነገር ትዝ ስለ ዝበለትኒ፡ ዋላ ደኣ - ድሮ ኣኽቢደ ዒሕዒሕ ይብል እኳ እንተ ሃሎኹ፡ እና ተጻገምኩ ግን እማልኣ ኣሎኹ። ኣቓድም ኣቢሉ ዓሚ፡ ኩሉኹም ከም ዝሰማዕኩሞ፡ መድረኽ ኢና ዝብሉ ውህሉላት ሰባት፡ ብኸመይ እዮም ተዋህሊሎም፡ ጌና ፍልጠት ዘለዮ ዝመስል እኳ እንተ ኾነ፡ ወራር ኣብ ተሰፋታት ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ምኽያድ ከም ዝነጠፉ ተዓዚብና።*

*መወዳእታ ዕምሪ መንግስቲ ኣርትራ ከም ዝበጽሔ፡ ብቑጽሪ መዓልታት ፈሊጦምስ፡ ክሳብ ኣብ መንበር ንግስነት ወያነ ኪይዶም፡ እንታ ይነቶም ከም ዘፋለጡ ርኢና። ዕድመ መንግስቲ ኤርትራ፡ ብመዓልታት ፈሊጥናዮ ኣሎና፡ ካብ ዝብሉና ጥራይ ነዊሕ ኮይኑ እዩ። 1 . . . 2 . . . 3 . . . እንዳበልና ክንቆጽር ጸኒሕና። እንታይ ስለ ዝበደልና ኢና፡ እዚ ኩሉ ናይ ሓሶት ሃንቀውታ፡ ከም ናዝራውያን ኮይናም፡ ከጠሙቑና ዝፈተኑ። ዋይ ኣነ ሸእ!*

*ዕርበተ መንግስቲ ኤርትራ፡-*

- *ኣብ ናይ ሓደ ሰሙን መዓልታት፡ ማለቶም እንተ ደኣ ኮይኖም = ሓሪሩዎም።* - Expired.
- *ኣብ ናይ ሓደ ወርሒ መዓልታት፡ ማለቶም እንተ ደኣ ከይኖም = ሓሪሩዎም።*
- *ኣብ ናይ ሓደ ዓመት መዓልታት፡ ማለቶም እንተ ደኣ ከይኖም = ሓሪሩዎም።*

*ነዝን ዝኸምዝን ዝመሳሰሉ፡ ወይ ድማ፡ ካብ ኣቶም ዝገደዱ ጉዳማት፡ ብዙሓት ፈርዮም እዮም። ኩሎም ተደማሚሮም ወይ ተራቢሖም ምስ ተገምገሙ ግን፡ ዋጋ ዝሰኣኑ ባዶታት፡ ኮይኖም ይንበቡ። እምኸደኣ?*

*ነቲ ኹሉ፡ ብዛዕባ ጉዳይ ሃገርና፡ ዝምልከት ዘበለ፡ ዝተባህለን፤ ዝበሃል ዘሎን፤ ክበሃል ዝግብኦን፡ ኣብ ሕሳብ ምስ ኣእቶናዮ፤ እንተ ደኣ ዝበቅዕ ዓቕሚ ሃልዩና ኮይኑ፤ ሓባሪ ዝኾነ ጠመተ - forecat ንኽንገብር ይሕግዘና እዩ። ይኹን ደኣ እምበር፡ ጽባሕ ንግሆ፡ ማይ ክወቅዕ ይኽእል እዩ፡ ንዝበልካዮ ጠመተ፡ ብገለ ምኽንያታት፡ ኣብ መዓሉቱ ክንዲ ዝወቅዕ፡ ጸኒሑ ንጽባሒቱ እንተ ወቕዔ፡ ዳርጋ ሓደ እዩ። ካብዚ ኣምር እዚ ተወንጭፈ፡ ጠመተ ናተይ፡ ኣብ ዕድላት ሃገርና ዘድህበ ኮይኑ፡ ከግህዶ ፍቓደኛ ስለ ዝኾንኩ፡ እንተ ተጋግየ ግን፡ ኣቐዲመ ምሕረት ክትገብሩለይ፡ ተምበርኪኸ ይልምነኩም ኣሎኹ። ንኺድ* - here we go. *ንሱ ከኣ፡-*

## ***ድምደማ***

*ኤርትራ ትሕምበብ ኣላ። እቲ ሓቂ ተባሂሉ፡ ዝዝረበሉ ዝነበረ እና ተጀልሔ እዩ። ሕቅን ሓሶትን፡ ተጻረቲ ከም ምዃኖም መጠን፡ እቲ ንሃገርና የነውር እዩ ተባሂሉ፡ ክካየድ ዝጸንሔ ወፈራ፡ እንሆ ሕጂ ሓሶታቱ እና ተጋህደ እዩ። በቲ ሓደ ወገን ከኣ ቁኑዕን ጌጋን፡ ክልተ ተጻረርቲ ኣምራት ከም ምኽዃኖም መጠን፡ ቅንዕና ኤርትራ ከም ዝነበሮ ኮይኑ ይቕድም ኣሎ። ዝሰዓበ ይስዓብ፤ ዝተረፈ ከኣ ቀስ እና በለ የርከብ። እቶም ኣብ ሓቅን ሓሶትን ኣድሂቦም ከዛተዩ ዝጸንሑ፡ ኣብ ኣምር ቁኑዕ ጌጋን ኣትኪሎም ከመዝኑ ከኽእሉ ይትስፎ ኣሎኹ።*

*ፈቲና ጸሊእና፤ ንተሓጎስ ንሕዘን፤ ንዕረቕ ንጥመ፤ ንሕመም ንጥዐ፤ ንድከ ንሃብትም፤ ንሰደድ ላይ ንሰደድ፤ ንመስልም ንኸስትን፤ ኣከለጉዛይ ሓማጽሴን ስራየ፡ ንኹን ላይ ንኹን፤ ቆላ ወይ ደጋ፡ ንኹን ላይ ንኹን፡ . . . ከም ሓደ ህዝቢ መጠን፡ ዕድልና፡ ዘይ ትቑርመም ዘይ ትጭጨፍ ሓንቲ እያ። ንሳ ከኣ፡ ኣብ ትሕቲ ሓደ ጌታ ተዓቑብና፡ እታ ቀዳመይቲ ነገር፡ ሓቢርካ ምዕዋት ክትከውን እንከላ፡ እታ ካልኣይታ ከኣ፡ ሓቢርካ ስዕረት እያ።*

ሰላም ቅነ
fewsilybee@yahoo.com